# ናይ ዓይኒ ምስክር

# ኣብ
# ታሪኽ ሰውራ
# ኤርትራ


## ብገረመድህን ዘገርጊስ

ኣባል ት.ሓ.ኤ. ስወራዊ ባይቶ



ሚያዝያ 1997 ዓ.ም

ኣነ ካብ 1969 ዓ.ም ኣትሒዘ ኣብ ውድብ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ተሰሊፈ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ክቃለስ ዝጸናሕኩን ዘለኹን ባእታ እየ። እዚ ዘቕርቦ ዘለኹ ጽሑፍ ድማ፡ ብተግባር ካብ ዝተሳተፍክዎን ብዓይነይ ካብ ዝረአኽዎን ተመኩሮ ዝነቅል ናይ ሓቂ ታሪኽ እዩ።

እዛ መጽሓፍ እዚኣ፡ ኣቓዲማ ክትሕተም ዝግብኣ'ኳ እንተነበረት፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ተዳናጒያ'ያ ትወጽእ ዘላ። ግን ሎሚ ናብ ምሕታም ደረጃ ምብቅዓ ከኣ፡ ብኣዎንታ ዝልለ እዩ። ኣብ ሜዳ ኤርትራ እንከለኹ ብዘጋጠመኒ መውጋእቲ ናይ ዓይኒ ዑረት ስለዘስዓበለይ፣ ነዛ ጽሕፍቲ ኣብ ካሴት መሊአ፡ ብምትሕብባር ናይ ቃልሲ ብጾተይ ክትጽሓፍን ክትዝርጋሕን ምብቅዓ ድማ ሓበን ይስምዓኒ።

ኣብ ሜዳ ኤርትራ ተራ ተጋዳላይ ደኣ'ምበር ብደረጃ ካድር ዝዋሳእ ባእታ ኣይነበርኩን። ኣብ'ዛ መጽሓፍ'ዚኣ ኣቕሪበዮ ዘለኹ ታሪኽ ድማ፡ ካብ መጽሔታትን ረድዮን ተለቪዥንን ዝረአኽዎን ዝሰማዕክዎን ዘንበብክዎን ዘይኮነስ፣ ካብ መዓልታዊ ምንቅስቓሳተይ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዘዋህለልክዎ ሓቅታት እዩ። ኵሉ ኤርትራዊ ነዚ ዘቕርቦ ዘለኹ ታሪኽ ክኣምኖን ክቕበሎን'ዩ ዝብል ዕግበት'ውን የብለይን፤ ግን'ከ፡ ንሓቂ ብሓሶት ዝትክኡን፣ ንሓሶት ከኣ ሓቂ ኣምሲሎም ዝዛረቡን ዝጽሕፉን ስለዘይሳኣኑ፣ ህዝቢ ኣመዛዚኑ ንሓቀኛ ታሪኹ ንምፍላጥ ከምዝሕግዝ እውን ኣይጠራጠርን እየ።

እዛ ጽሕፍተይ እዚኣ፡ ከም መጽሓፍ መልክዕ ተዳልያ ንኽትጽሓፈለይ፡ ንብጻይ ተስፋይ ተኸለዝጊ ብዝሓተትክዎ መሰረት፣ ሓንጎፋይ ኢሉ ምቕባሉን ከም'ቲ ዝድለ ተልእኾ ገይሩ ምድላዉን ከኣ ልባዊ ምስጋናይ ኣመሓላልፈሉ።

ሓውኹም ገብረመድህን ዘገርጊስ

# መእተዊ

ተመኩሮይ ይኹን ኵነታት ሰውራ ኤርትራ ክጽሕፍ ዘገደደኒ ምኽንያት፣ ንዝሓለፈ ቍስሊ ናይ ሰውራ ኤርትራ ንምጉዳእ ካብ ዝብል ሕልና ክምዘይተበገስኩ ንኣንበብቲ ክሕብር እፈቱ። ብተወሳኺ፡ መድረኻዊ ዕማማት ህዝብና ይኹን ውድብና፣ ንዘሎ ምልካዊ ስርዓት ህዝባዊ ግንባር ብቓልሲ ምልጋስ'ሞ፡ ብስኒት ዝዓሰሎ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ምትካእ ክምዝኾነ'ውን ስለዝረሳዕኩ ኣይኮነን። ንዝሓለፈ ታሪኽ ምውካስን ምምርማርን ግን፡ ንናይ'ዚ ግዜ'ዚ ዕማማትና ዘርጉድ መንጸፍ ክምዝኾነ ኣጸቢቐ ዝኣምነሉ ሓቂ እዩ።

መበገሲኡም ይኹን ክሃርምዎ ዝደልዩ ዕላማ ብዘየገድስ፣ ገለገለ ውልቀ–ሰባት ይኹን ገለገለ ጉጅለታት «ዝሓለፈ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ብጽቡቕ ኮነ ብሕማቕ ክለዓል ወይ ክትንከፍ የብሉን» ዝብሉ ክምዘለዉ ዝሰሓት ኣይኮነን። ጥልቕ ኢልና ምስ እንምልከቶም ድማ፡ ገሊኦም ብዛዕባ ሕሉፍ ታሪኽ ምዝራብ ጥቕሚ የብሉን ዝብል ካብ ንጽህና ዝብገስ እምነት ዘለዎም ክኾኑ እንከለዉ፣ ገሊኦም ግን፡ ኮነ ኢሎም ንውልቃውን ጉጅላውን ረብሓታቶም ንምክልኻልን ንምሽፋንን ኢሎም ዘጻወድዎ ተንኰል ክምዝኾነ ክዝንጋዕ የብሉን።

ዝሓለፈ ታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ፡ ብዝኾነ ይኹን መልክዕ ክቕየር ወይ ክኹሓል ወይ ክእ እቲ ጸሊም ብጻዕዳ እቲ ጻዕዳ ድማ ብጸሊም ክትካእ ክዑ ኣይክእልን እዩ። መን ይፈልጥ እንተተሓልመ'ውን፡ ንጸሊም ኣልጊስካ ጻዕዳ እንተለኸኻዮ ደኣ'ዩ ዝጽዕዱ እምበር፣ ጸሊም ቀለም ጻዕዳ እንተደኣ ለኺኻዮ ጨላይ ወይ ሓሙኽሽታይ'ዩ ዝኸውን። ሕሉፍ ታሪኽ ረሲዕካ፡ ንመጻኢ ብኣዎንታ ዝልለ ታሪኽ ክትሰርሕ ፈጺሙ ዘይከኣል ነገር እዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ኣብ ናይ ትማልን ናይ ሎምን ታሪኽ ተመርኲስካ ጥራሕ ኢኻ ናይ ጽባሕ ታሪኽ ክትሰርሕ እትኽእል።

«ግዜኡ ዘይሓለወ ናይ ታሪኽ ጽሑፋት ምግርጋሕ ከሳብ ክንደ'ቲ ተልእኾኡ ኣየብጽሕን'ዩ» ዝብል ሓሳብ ብገዛምልከት፣ ኣነ ብመትከላዊ ዓይኒ ጽቡቕ ገይረ ዝሰማማዓሉ ሓሳብ እዩ። ግን'ከ፣ ሓላፍነት ብዘይስምዖም ውልቀ-ሰባትን ጉጅለታትን ሕሉፍ ታሪኽና እናጕደፈን እናተጠምዘዘን እንከሎ «ግዜኡ ኣይኮነን» ብዝብል ምኽንያት ስቕ ምባል፣ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋዋሪ መንገዲ፣ ነቲ ኣብ ሃገርና ኤርትራ ኣብ ናይ ስልጣን ኰረሻ ተወጢሑ ንታሪኽና ንምድምሳስ ዝሓልዎን ዝጽዕርን ዘሎ መላኺ መንግስቲ ህዝባዊ ግንባር ካብ ምክልኻል ሓሊፉ ካልእ ትርጕም የብሉን በሃላይ እየ። ምኽንያቱ ድማ፣ «ንሳቶም ይጽሓፉ፣ ንስኹም ግን ሓላፍነታውያን ስለዝኾንኩም ኣይትመልስሎም» ምባል ሞል ዝበለ በለጽ ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ «ዓሻ ተመሲልካ ድራሮም ወድኣሎም» ዝብል ምስላ ኣቦታት ዘዘኻኽር'ውን እዩ።

ገበነኛታት፣ ብፍላይ'ን ብቐዳምነትን ድማ፣ ጉጅለ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝብናን ኣብ ልዕሊ ውድብና ተ.ሓ.ኤ.ን ንዝፈጸሞ በደላት ንምሽፋን፣ ንታሪኽ ውድብና ጠምዚዙ ከውርዮን ክጽሕፎን ክሽካዕልሎን ይውዕል ከምዘሎ ዘይከታተል ኤርትራዊ ዜጋ ኣሎ ኢለ ኣይኣምንን እየ። «ዓድኻ ክገዝመት'ዶ ዓይንኻ ይዕመት» ከምዝብሃል፣ ታሪኽና ብዘይመልከዑ ተጠምዚዙ ክዕለል ከሎ ስቕ ኢልካ ምስማዕን ምርኣይን፣ ካብ ሓላፍነት ምስካም ምህዳምን ካብ ቃልሲ ምብኳርን ሓሊፉ ካልእ ትርጕም ስለዘይብሉ፣ ነቲ ሓሶቶም ብሓቀኛ ናይ ዓይኒ ምስክር ታሪኽ ክቃልዖን ክኸሽሖን ሕልናይ የገድደኒ። ህዝብና ድማ ነዚ ሓቂ'ዚ ክፈልጦ ዓቢ ተደላይነት ኣለዎ። ካብ'ዚ ብምብጋስ ድማ'የ ነቲ ኣነ ብኣካል እተሳተፍክዎን ዝርኣኽዎን ሕሉፍን ከውንን ተመኩሮ ሰውራ ኤርትራ ንክጽሕፍ እተደረኽኩ። ናይ 30 ዓመታት ናይ ብረታዊ ተጋድሎ ታሪኽን ተመኩሮን ሰውራ ኤርትራ፣ ብሓደ መጽሓፍ ይኹን ብገለ ሰዓታት ክጽሓፍ ከምዘይክኣል ግርም ገይረ ስለዝኣምነሉ፣ ኣነ ኣብ'ቲ ኣነ ኣብ ሜዳ ዝነበርኩሉ ዓመታት ዝተጋህዱ ኣገደስቲ ጉዳያትን ሕቶታትን ታሪኻዊ ተረኽቦታትን

ጥራሕ ክተኸተር ምኽኒያ ንእንባባይ ከይእመትክሉ ክሓልፍ
ኣይደልን።

# መበቆል ሃገራዊ ንቕሓተይ
# The Origin of My National Consciousness

ከባቢና ዝፈጥሮ መንጸብረቕታታት፣ ንናይ መጻኢ ህይወትና ኣብ ምውሳን ዓቢ ተጽዕኖን ጽልዋን ከምዘለዎ ዝክሓድ ኣይኮነን። መበቆል ሃገራዊ ንቕሓት ናይ ነፍስወከፍ ዜጋ፣ ኣብ ዝተፈላለየ ግዜን ዕድመን ኩነታትን ቦታን ...ወዘተ ዝፍለን ዝምዕብልን ስለዝኾነ ድማ፣ ንኹሉ ሰብ ሓደ ናይ ሓባር መበገሲ ኣለዎ ማለት ኣይኮነን።

ንዓይ ብዝምልከት ዕድመይ 14 ዓመት ነበረ። ኣብ መጀመርያ ስሳታት፣ ኣብ ከተማታት ማይ ሓባርን ነፋሲትን ጊንዳዕን እቕመጥ ነበርኩ። ኣብ ጀራዲን ማይ ሓባር ጫት ይዝራእ ስለዝነበረ ኣብዘን ከተማታት እናተመላለስኩ ጫት ይነግድ ነበርኩ። ብኻልእ ሸነኽ ድማ፣ ኣብ ማይ ሓባር ናይ ጦር ሰራዊት ዓቢ ወተሃደራዊ መደበር ስለዝነበረ፣ ኣብኡ ጫት ንምሻጥ ወትሩ ይኸይድ ነበርኩ። ናይ'ዛ ከተማ'ዚኣ ጦር ሰራዊት ካብ'ቶም ካልኦት ብጾቶም ዝሓሸ ናይ መነባብሮ ኩነታት ነበሮም። ምኽንያቱ ከኣ፣ ብሓደ ሸነኽ ኣብ ኮንጎ እትብሃል ኣፍሪቃዊት ሃገር ተዋጊኦም ስለዝተዓወቱ ብሃጸይ ሃይለስላሴ ናይ ሓሓደ ሽሕ ቅርሺ መቕሸሽ ከውሃቦም ከሎ፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፣ ካብ ህዝቢ ኮንጎ ብብውልቆም ዝዘረፍዎን ዝሰረቕዎን ማእለያ ዘይብሉ ንብረት ስለዝነበሮምን እዩ። ጫት ካባይ ንምግዛእ ከኣ፣ ልክዕ ከም ዕስለ ንህቢ ይዓስሉኒ ነበሩ። ካብ'ዚ ተበጊስ ድማ እንስቲ ጦር ሰራዊት ብብዝሒ ጸሊም ተኸዲኖም ከበኽያን ከሓዝናን ይርኢ ነበርኩ። ገለገለ ሰባት ከኣ፣ «ወዲ ዓዋተ ዝተባህለ ሽፍታ ብወገን መታሕት ኣሎ'ሞ፣ ምስኡ ኩናት ገጢሞም ዝሞቱ እዮም» ኢሎም ክዛረቡ እሰምዕ ነበርኩ። ድሕሪ ውሱን ግዜያት ከኣ፣ ናይ'ቲ መደበር ሓላፊ ዝነበረ ከበደ ዝተባህለ ኮሎኔል፣ ኣብ ኩናት ስለዝተቐትለ፣ ናቱ ተስካር ኣብ'ቲ መደበር ክግበር በጋጣሚ ርኢኹ። እቲ

ተሰካር ኣገዩ ዓብዪን ሰፊሕን ነበረ። ሽሕ'ኳ ዕድመይ ወዲ 14 ዓመት ኣቢሉ ይንበር እምበር፣ ሓሚድ ኢድሪስ ዓዋተ ኣብ መታሕት ንናጽነት ናይ ኤርትራ ይጋደል ከምዝነበረን፣ ጀብሃ እተባህለት ውድብ ከምዘላን ካብ'ቲ ግዜ'ቲ ኣትሒዙ ከስቆረኒ ጀሚሩ ነይሩ እዩ።

ግዜ ከሓልፍ ግዜ ከትካእ፣ ንማሕረስ ክብል ናብ ወገን ጐቦታት ደብረ ቢዘን ኣብ ዘበልኩሉ እዋን፣ ጀብሃ ካብ ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ናብ ምብራቓዊ ቆላታት ክትቀሳቐል ትጅምር ነበረት። በዚ ምኽንያት ከኣ፣ ነቲ ብወረ ዝሰምዖ ዝነበርኩ ብጋህዲ ብዓይነይ ክርእዮ በቓዕኩ። ኣብ ከባቢ 1966 ዓ.ም ጦር ሰራዊት ካብ ከተማታት ጊንዳዕን እምባትካላን ብምውፋር ንህዝቢ ክቐትሉን ክሓርዱን፣ ኣባይትን ዘራእትን ከንድዱን፣ ንብረቱ ጥሪቱን ክጽንቱን ይርእዩ ነበሩ። ከም ዓይለትን ጉምሆትን ዝኣመሰላ ዕሙራት ዝኾና ሓሙሲ ከተማታትን፣ ከምኡ'ውን ኣብ እግሪ ደብረ ቢዘን ዝርከባ እንዳ ዓንደን ገድገድን እተባህላ ህዝበን ብጦር ሰራዊት ዝተበታተኑን፣ ብዙሕ ንብረትን ጥሪትን ዝጠፍኣለን ዓድታት ከም ኢብነት ክጥቀሳ ይከኣል። እቶም ሃዲሞም ከምልጡ ዝኽኣሉ ተቐማጦ ናይ'ዘን ዓድታት እዚኣተን'ውን እንተኾኑ፣ ብዘይካ እታ ኣብ ኢዶም ዝነበረት በትርን ኣብ ዝባኖም ዝነበረት ክዳንን ካልእ ዕርቃንን ኰኑ። እዚ ብዓይነይ ዝርኣኽዎ ናይ ህዝቢ ስቅያትን፣ ኣረሜናዊ ናይ ጦር ሰራዊት ተግባራትን ኣብ ኣእሙሮይ ሰሪጹ ንሃገራዊ ንቕሓተይ ክብ ኣብ ምባል ዓቢ ግደ ተጻዊቱ እዩ። ዡንታት እናኸፍአ ስለዝኸደ ድማ፣ ሓንቲ መዓልቲ ግን ከምዘይትተርፈና ስለ እተረዳእና፣ ኣነ ዝርከቦም ገለገለ ሰባት ናብ ውሽጢ ከተማ ጊንዳዕ ክንኣቱ ተገደድና። ዋላ'ኳ ዕድለኛታት ኰንና ሽቡ ካብ ሞት እንተምለጥና

ኣብ ከተማ ጊንዳዕ፣ ስራሕ ናይ ምርካብ ጸገማት ነበረ። ድሕሪ ገለ ግዝያት ግን፣ ኣብ ሓንቲ ዕንጨይቲ እትጽዕን መኪና ኣይታንቲ ኰይነ ተቖጸርኩ። ኣጋጣሚ ኰይኑ፣ እሃ

መኪና እዚኣ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ትንቀሳቐስ ስለዝነበረት፣ እቲ ምስ ጀብሃ ናይ ምርኻብ ዕድል ኣይተፈለየንን። ገለ ኣብነታት ንምጥቃስ ዝኣክል ከኣ፣ ብሓደ ወገን ናብ ከባቢ ሸባሕ፣ ገድገድ፣ ስለሙና፣ ዛግር፣ ዓዲ ሹማ (ሰምሃር መጥዓት)፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ናብ ከባቢ ፈጠር፣ ተጎ፣ ዒን ብምኻድ ምስ ብዙሓት ተጋደልቲ ምርኻብ ከምልሙድ ውራየይ ገይረ ወሲደዮ ነይረ። ከምኡ'ውን፣ ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ተሰሪዐ ግቡእይ ምፍጻም ጀሚረ ነይረ እየ። ኣብ ሰራዊት ሓርነት ተሰሊፈ ግቡእይ ክፍጽም ኩብ ዝሓሰብ ነዊሕ ግዜ ኰይኑ እዩ። ግን፣ ብዝተፈላለየ ምኽንያታት፣ መደባተይ ክዋናዘፍ ድሒረ ምጽናሕ ብግንቦት 1969 ዓ.ም ናብ ሰራዊት ሓርነት ኤርትራ ተጸንበርኩ።

እንሆ ድማ፣ እቲ ሕጻን እንከለኹ ዝርእዮን ዝሰምዖን ዝነበርኩን፣ ከባብየይ ዝፈጠሮን ኣዎንታዊ ይኹን ኣሉታዊ ጽልዋታት ዝሓዘለ ሃገራዊ ንቕሓተይ ደረኺኑ ብኣካል ናብ ሜዳ ኤርትራ ንኽጽንበር ኣብቂዑኒ።

# ተሳትፎይ ኣብ ሜዳ ኤርትራን ዝነበረ ኵነታትን ግንቦት 1969 ስሉሳዊ ሓድነት

ብግንቦት 1969 ዓ.ም፣ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ንምስላፍ ቆሪጸ ምስ ተበገስኩ፣ ናብ'ቲ ዝዓበኹሉን ዝፈልጦን ጕቦታትን ስንጭሮታትን ሩባታትን ገጸይ ብምጕዓዝ፣ ኣብ ደብረ ቢዘን ምስ በጻሕኩ፣ ነታ ብስውእ ተጋዳላይ ስለሙን ወልደማርያም እትምራሕ ዝነበረት ናይ ጀብሃ ጕጅለ ረኺብኩ። ንተጋዳላይ ስለሙን ክስለፍ ከምዝመጻእኩ ምስ ሓበርክዎ ድማ ተቐቢሉኒ። ኣብ'ዚ ዝተጠቕሰ ቦታ ቅድመይ ይኹን ድሕረይ ዝተሰለፉ ሓደስቲ ተጋደልቲ ብጠቕላላ 7 በጻሕና። ወልደኪዳን በዅረጽዮን እተባህለ ሻሙናይና ግን፣ ኣዲኡ መጺኣን «ብዘይካኡ ደንበናን ከብትናን ዝኣሊ ሰብ ስለዘይብልና፣ ወደይ ሃቡኒ» ኢለን

ስለዝለመና ተመሊሱ። ንቶም ዝተረፍና 7 ሓደስቲ ተሰለፍቲ ድማ፡ ቅድም ናብ ጐቦ ዲያት፣ ድሒሮም ከአ ናብ ሩባ ዛግራ (ምብራቕ ኤርትራ) ወሰዱና። ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ፡ «ስሉሳዊ ሓድነት» (ውሕዳ ሱላስያ) ናይ ሰራዊት ምትሕንፋጽ ከትገብር ጸንሓትና'ሞ፣ በቲ ዝተዓዘብናዮ ብዝሒ ናይ ሰራዊት ብዙሕ ተገረምና። ንጽባሒቱ ድማ፡ ናብ ሓላፊ ሓምሸይቲ ክፍልን ኣባል ግዝያዊ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነትን ዝነበረ ስዉእ ኣብርሃ ተወልደ ዝነበሮ ፍሉይ ቦታ ኣብጽሑና።

ኣብርሃ ተወልደ «ከመይ ኣለኹም ኣሕዋትና» ኢሉ ድሕሪ ምቕባልና፣ ንሰለሙን ወልደማርያም «ስለምንታይ ሓደስቲ ተጋደልቲ ተቐቢልካ» ዝብል ተሪር ናይ ተቓውሞ ቃላት ኣዝነበሉ። ሰለሙን ከኣ፡ «እነ ነዚኦም ዝኣመሰሉ ኣንብዝ፡ ገዛኹም ተመለሱ ክብሎም ሕልናይ ኣየፍቅደለይን እዩ፤ ስለ'ዚ ትገብሩ ግበርዎም» ክብል መለሰሉ። ብድሕር'ዚ ኣብርሃ ተወልደ ንዓና ኣዕጊቡ ንኽመልሰና ፈተነ፤ ግን፡ ንሕና ከምዘይንቕበሎ ምስ ገለጽናሉ፣ ናብ ስዉእ ተጋዳላይ መሓመድ ኢብራሂም፡ ዋና ጽሓፊ ናይ ግዝያዊ መሪሕነት ናይ ስሉሳዊ ሓድነት ኣመሓላለፈና። መሓመድ ኢብራሂም፡ ኣስማትና ድሕሪ ምምዝጋብ፡ ናብ ሓንቲ ንእሽቶ ናይ ወተሃደራዊ ታዕሊም መደበር ወሰደና። ን40 መዓልታት ዝኸውን ግዜ ወተሃደራዊ ታዕሊም ድሕሪ ምውሳድ ድማ ናብ ሰራዊት ተመደብና። እነ ካልኣይ ርእሰይ ናብ ገርግራ ዝተባህለ ቦታ ዝነበረ ክፍሊ ሕክምና ተመደብና።

ዋላ'ኳ ድሒሩ እንተተረድኣና፡ ሽዑ ግን ኣብ ሕክምና ምምዳብና ሕጉሳት ኣይነበርናን። ምኽንያቱ ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ሓሳብና ዝነበረ፡ ብረት ዓጢቕና ምስ ባዕዳዊ ሰራዊት ኢትዮጵያ ምትኹስ ደኣ'ምበር፣ ኣብ ሕክምና ኰንካ ምግዳል ከም ቃልሲ ኰይኑ ይስምዓና ስለዘይነበረ እዩ። እንተኾነ ግን፡ ኣብ'ቲ ሕክምና ዝጸንሑ ተጋደልቲ፡ ከሉ ምግዳል ከምዝኾነ ስለዝገለጹልና፡ ዓገብና። ኣብ ክፍሊ ሕክምና፡ ብሓደ ወገን ንሕሙማትናን ንውጉኣትናን መግብን ማይን ሻህን ብምቕራብ ምእላይን ምሕጋዝን፣

ቡቲ ካልኣይ ወገን ድማ፡ ናይ መርፍእ ምውጋእ ክእለት ብመጠኑ ስለ ኣተመሃርናና፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ እውን ዓቕምና ዘፍቅዶ ኣገልግሎት ነበርክት ነበርና።

## ሀ. ዥንታት ሰለይቲ ኣብ ጀብሃ (ጀዋሲስ)

ጉዳይ ሰለይቲ ብዝምልከት መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ንሰውራ ኤርትራ ንምስንኻል፡ እንተኸኢሉ'ውን ንምምካኑ፡ ዘይፈተኖ ብልሓትን፣ ዘይፈንቀሎ እምንን የለን። እነ ኣብ ዝነበርኩሉ እዋን ብጸላኢ ዝተገብረ ናይ ስለላ ፈተነታት ኣስዒበ ክገልጽ እየ። ኣብ'ዚ ከመልከቶ ዝደሊ ድማ፡ ዋላ'ኳ ድሒረ ብዛዕባ ጉዳይ «ስርያ ኣዲስ»ን፣ ስለምንታይ መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ናይ ሓይስቲ ተጋደልቲ ምስላፍ ጠጠው ክብል ወሲና ክምዝነበረትን ኣስፊሐ ክገልጾ እንተኾንኩ፣ ምስ'ዚ ኣልዒልናዮ ዘሎና ጉዳይ ናይ ሰለይቲ ምትእስሳር ስለዘለዎ ምክትታል ኣድላዪ ምኺኑ'ዩ።

መንግስቲ ሃይለስላሴ፡ ብ1969 ዓ.ም ኣብ ከተማ ኣስመራ ንመጀመርያ ግዜ ናይ ኤክስፖ (EXPO) መደብ ኣዳለወት። ዥለን ብሄራት ናይ ኤርትራ ናይ ባህሊ መደባት ክዳልዋ መምርሒ ተምሓላለፈለን። በዚ መሰረት፡ ካብ ጊንዳዕ፡ ካብ 20 ክሳዕ 25 ዓመት ዝዕድሜኦም ዕስራ ዝኾኑ መንእሰያት፡ ንባህሊ ትግረ ወኪሎም ክጻወቱ ተመርጹ። ካብ'ቶም ቀንዲ ፍሉጣት መንእሰያት ደቂ ጊንዳዕ ክም ብዓል ወዲ ከራይ፣ ወዲ ሓጂ ዝተባህሉ ኣብ ኤክስፖ ተሳቲፎም ምንባሮም ክጥቀስ ይከኣል። መንግስቲ ኢትዮጵያ ብበዓል ኣስራተ ካሳን ተስፋሃንስ በርሀን ዝኣመሰሉ መጋበርያታቱ ኣቢሉ፡ ንሰውራ ኤርትራ፡ ንምምካን ብዙሕ ፈተነታትን ውጥናትን ኣካይዱ እዩ። ነዞም መንእሰያት እዚኦቶም ብምስጢር ብምስራዕ፣ ኣብ'ቲ ጀብሃ ብወገን ጊንዳዕ ትንቀሳቐሰሉ ዝነበረት ቦታታት ተሰሊፎም ናይ ስለላ ስርሒት ክካይዱ

ኣዋፈርዎም። ንጀብሃ እንተደኣ ኣፍሸልክምዋ ወይ ድማ ኣገደስቲ ምስጢራት ናይ ጀብሃ እንተደኣ ኣምጽኢኹምልና፡ ምስ ተመለስኩም ናይ ገንዘብን ሹመትን ካሕሳ ኣለኩም ብዝብሉ ቃላት ኣስድዕዎም። በዚ መብጽዓ'ዚ ተታሊሎም ከኣ፡ ካብ ኣስመራ ናብ ጊንዳዕ፡ ካብ ጊንዳዕ ከኣ ናብ ስሉሳዊ ሓድነት ተጓዕዙ። ኣብ መንጎ እዚም መንእሰያት እዚኣቶም ሓደ ቅድም ኣብ ጀብሃ ተሰሊፉ ድሕር ግን ኢዱ ንጸላኢ ዝሃበ መስዑድ እተባህለ ነበረ። መስዑድ፡ ንጸላኢ ኢዱ ኣብ ዝሃበሉ እዋናት፡ ንብዙሓት ናይ ጀብሃ ስሩዓት ዘረሸነን፣ ንህዝቢ ዘበሳበሰን ባእታ እዩ ነይሩ። ጀብሃ ድማ ንመስዑድ ንምቕታል ብዙሕ'ያ ትጽዕር ነይራ። ንዕኡ ንምቕታል ክልተ ፈተንታት ተኻይዱ ነበረ። ኣብ'ቲ ኣብ ከተማ ጊንዳዕ ንምቕታሉ ብፈዳይን ጀብሃ ዝተገብረ ቀዳማይ ፈተነ፡ ብቀሊል መውጋእቲ ክወጽእ ክኢሉ፣ ኣብ'ቲ ካልኣይ ፈተነ ግን፡ ንዕኡ እተሓስበ መጥቃዕቲ ገለገለ ናይ ባር ሰራሕተኛታት ክምዝተለከማ፣ ንሱ ግን ብደሓን ክምዝወጸ ዝዝከር እዩ። ንታሪኽ ናይ'ዚ ባእታ'ዚ መጥቀስየይ፡ እዚ ባእታ'ዚ ኣይተፈለጥኩን ኢሉ እንደገና ናብ ጀብሃ ክስለፍ ከሎ፣ ክይተፈርደ ፍሩድ ምንባሩ ሕቶ ዘድልዮ ጉዳይ ክምዘይኮነ ንምእማት እዩ። ጀብሃ ግን፡ መንነት ናይ'ዞም መንእሰያት እዚኣቶም፡ ካብ ውሽጣዊ ስሩዓታ ብሓደ ሸነኽ፣ ካብ ዓብዱ ካቫለር ዑመር፡ ኣምሓዳሪ ወይ ዲኦ ናይ ጊንዳዕ ዝነበረ ድማ ብኻልእ ሸነኽ ተሓቢራ ነበረት። ዓብዱ ካቫለር ዑመር ከኣ፡ ካብ ኣስራተ ካሳ ዝረኸቦ ሓበሬታ ነበረ። ስለ'ዚ፡ ዝርዝር ኣስማት ናይ'ቶም ኣብ ሜዳ ኤርትራ ተዋፈሮም ዝነበሩ ሰለይቲ ዝሕብር ሰነድ ድሕሪ ምርካብ፣ ከኸብ ሓይልታቶምን መደብቶምን ብምስሓብ፡ ናብ ክፍሊ ምርመራ ክምዝእትወ ተገብረ። ነዚ ገበን'ዚ ምፍጻሞም ድሕሪ ምእማኖም ድማ፡ ብመሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ናይ ሞት ፍርዲ ተበየኖም። መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ሓደስቲ ሰልፈኛታት ንኽይትቅበል ደው ኣቢላትሉ ዝነበረት ምኽንያት ድማ እዚ ናይ ሰለይቲ ጉዳይ ብብዝሒ ይርከብ ስለዝነበረ እዩ። ኣብርሃ ተወልደ ንስለሙን ወልደማርያም ብናትና ምስላፍ

ምኽንያት ብቑጥዓ ዝተቓወመሉ ምኽንያት'ውን፣ ምስጢሩ እዚ ዝጠቐስክዎ ምኽንያታት'ዩ ነይሩ።

ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ናይ ሓደ ተዓላማይ (ተጋደላይ) ናይ ስለላ ተርእዮ'ውን ኣዝኒቱ ነይሩ እዩ። ሓደ ግብጻዊ ዜጋ'የ በሃላይ፡ «ንሰውራ ኤርትራ ክሳዕ መስዋእቲ ክኸፍል ድልው'የ» ብዝብል መብጽዓ ንክስለፍ ክፍቀደሉ ሓቲቱ ነበረ። መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት፡ ብቕንዕናን ብንጹህ ልብን ክሕግዝ ዝመጸ ገይሮም ስለ እተረድእዎ፣ ተቐበልዎ። ንገለ ኣዋርሕ ንጀብሃ ድሕሪ ምዕዛቡ፡ ሓንቲ ነገር ክገብር ክምዘይክእል ስለዝዓገበ፡ ብግንቦት 1969 ዓ.ም ካብ ገርገራ ሃጺሙ ናብ ምጽዋዕ ንምእታው ተበገሰ። ኣብ መንገዲ መሬት ስለዝወግሐ ናብ ምጽዋዕ ክኣቱ ኣይከኣለን። መሪሕነት ስሉሳዊ ሓድነት ብዛዕባ ምህዳም ናይ'ዚ ባእታ'ዚ ምስ ሰምዐ፣ ተጋደልትን ገባርን ብምውፋር፡ ንምሓዙ ተጓየየ። ካብ ተሓቢኡሉ ዝነበረ ቦታ ማይ ጸሚኡ ክስቲ ናብ ሩባ ምስ ወረደ፡ ሰዓት ኣርባዕተ ድሕሪ ቀትሪ ኣቢሉ ብገባር ተታሒዙ ንስሉሳዊ ሓድነት ተስረከበ። ድሕሪ'ቲ ዝተኻየደሉ ምርመራታት ድማ ሰላዪ ምዃኑ ተኣመነ። ብተወሳኺ፡ ምስጢራት ዝመልኣላ ሰዓት'ውን ተረኺበቶ። ድሒሩ ዝተረኽበ ሓበሬታ ድማ፡ ዜግነቱ ግብጻዊ ዘይኮነስ እስራኤላዊ ምንባሩ ተረጋገጸ። እዚ ባእታ'ዚ፡ ኣብ ኮንጎ ሰላዪ ኰይኑ ዝሰርሐ ሓደገኛ ባእታ ነበረ። ድሒርና ክምዝሰማዕናዮ፡ ምናልባት እስራኤልን ሱርያን ኣብ ዝገብርዎ ናይ እሱራት ምልውዋጥ ሱርያውያን እንተተጠቕምሉ ብማለት ብጀብሃ ንመንግስቲ ሱርያ ከም እተስረከበ ዝብል'ዩ።

# ለ. ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኵነታት

ብሓፈሻዊ ኣዘራርባ፡ ውሽጣዊ ፖለቲካዊ ኵነታት ሰውራ ኤርትራ፡ ንናይ ምፍንጫልን ንናይ ስምረትን መስመራት ዝውክል ተጋራጫዊ ድልየትን ጻዕርታትን ዝሰፈኖ'ዩ ነይሩ። ብጭቡጥ ከኣ፡ ኣብ መንጎ ናይ 5 ክፍልታት ሰራዊት ምትሕንፋጽ ዝድግፍን ዝነጽግን ደምበታት'ዩ ተኸፋፊሉ ነይሩ ክበሃል ይከኣል። ከይዱ ከይዱ እዚ ምክፍፋል'ዚ፡ ንምግባር ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣዶብሓ ዝድግፍን ዝጸረርን ሓይልታት ወይ መስመራት ምዃኑ ብጋህዲ ተራእየ።

ኣብ'ቲ ኣነ ተመዲበሉ ዝነበርኩ ክፍሊ ሕክምና እንተደኣ ተመልኪትና፣ መራሕቲ ናይ'ቲ ክፍሊ ብምሉኣቶም ደቂ ሕርጊጎን ባጽዕን ጥራሕ እዮም ነይሮም። ንምጥቃስ ዝኣክል፡ ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ (ኣባል መሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዘሎ)፣ ዓብደልቓድር፣ ኢድሪስ ሉቢናት፣ ኣሕመድ ሓዩቲ፣ ኣሕመድ ማንታይ ብሓደ ወገን፤ በቲ ካልኣይ ወገን ማለት ብሸነኽ ገደም ዝነበረ ሕክምና ከኣ፡ብደቂ ሕርጊጎ ጥራሕ ይምራሕ ከም ዝነበረ ምዕዛብ ይከኣል። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ፡ ኣብ ድሕሪ እምኒ ወይ ድሕሪ ገረብ ተጐዚጒዝካ ዝካየድ ንኣሽቱ ጉጅላዊ ኣኼባታት ብብዝሒ ክካየዱ ንርኢ ነበርና። ብፍላይ ድማ፡ መሬት ምስይ ኣብ ዝብለሉ እዋናት ከም ልሙድ ቆጸራ ኰይኑ ኣኼባታት ምግባር ይቕጽል ነበረ። ዕላማ ናይ'ዚ ኣኼባታት'ዚ፡ ብሕማቕ ይኹን ብጽቡቕ ፈጺሙ ይግለጸልና ኣይነበረን። ዋላ'ኳ ሓደስቲ ብምዃና ብዙሕ ክንሕበር ኣይግብኣናን'ዩ ዝብል እረዳድኣ ክህሉ እንተኽኣለ፣ እቲ ዓቕኑ ዝሓለፈ ሕሹኽሹኻት ዝካየደሉ ዝነበረ ጕዳይ ናይ ምፍንጫል ድቲ ምንባሩ ክንስሕቶ ኣይከኣልናን። እዚ ሕሹኽሹኻት'ዚ፡ ድሒሩ ብ1970 ዓ.ም ንምፍንጫልን ምምስራትን ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ኣብ ሰድሖ ዒላ እተባህለ ቦታ ኣስዓበ።

በቲ ካልኣይ ኣምንታዊ ናይ ሓድነትን ምትሕንፋጽን መስመር ብዝምልከት ድማ፣ እቲ ማዕበል ናይ ዲሞክራሲ፣ ንቕድሚት ገጹ ብምውርዋር፣ ቃታኡ ናብ ምግባር ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣዶብሓ ጥራሕ ኣትኪሉ። በዚን ዝስዕብ ሓቅታት ክኣ ክምስክር ይኽእል።

1. ኣቐዲሙ ብዕለት 25/11/1968 ምስ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክፍልታት ንምርኻብ ብስሉሳዊ ሓድነት ቆይሙ ዝነበረ ናይ ርክክብ ልኡኽ፣ ኣድላይነቱ ዕዙዝ ኮይኑ ስለ እተራእየ ብኹለን ክፍልታት ተቐባልነት ረኺቡ።

2. ቀዳመይቲ ክፍሊ፣ ብዕለት 2/4/1969 ናታ ክፍላዊ ጉባኤ ብምግባር፣ ምስ ካልኣይቲ ክፍልን ስሉሳዊ ሓድነትን እትራኸበሉ ሽማግለ ክትቀውም ምውሳና፣ ነዚ ውሳኔ'ዚ ኣብ ግብሪ ከተውዕሎ ምጅማራን።

3. ካልኣይቲ ክፍሊ'ውን፣ ብዕለት 13/5/1969 ናታ ክፍላዊ ጉባኤ ብምግባር፣ ምስ ቀዳመይቲ ክፍልን ስሉሳዊ ሓድነትን እትራኸበሉ ሽማግለ ክተቕውም ምውሳና ብተግባር ምጅማራን። ብሳላ'ዚ ጻዕርታት'ዚ ድማ፣ ጉባኤ ኣዶብሓ ካብ ዕለት 10–25/8/1969 ተኻየደ። ገለ ካብ ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ድማ ከም'ዚ ዝስዕብ ነበረ።

1. ንሰራዊት ሓርነት እትመርሕ 38 ኣባላት ዘለዋ ጠቕላሊት መሪሕነት ኣቚሙ፤

2. ንላዕለዋይ ባይቶ ክሳዕ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝግበር ካብ ስልጣኑ ጠጠው (ተጀሚዱ) ኢሎም ከጽንሖ፤ ካብ ስልጣኖም ሓለፍቲ ክፍልታትን ምኽትላቶምን ከኣ ካብ ስልጣኖም ኣውሪዶም።

3. ድሕሪ ሓደ ዓመት ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ክግበር ወሲኑ። ነዚ እተዳሉ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ድማ ኣቚሙ፤

4. ኣብ ልዕሊ ህዝቢ እተፈጸመ ጌጋታት እተጻንዕ ብ18 ኣባላት ዝቖመት ሽማግለ መሪጹ፤

5. ብዘይካ ብፍቓድ ወይ ሓላፍነት ናይ ጠቕላሊት መሪሕነት ዝኾነ ባእታ ይኹን ጉጅለ ብስም ውድብ ዕላዊ ኣዋጅ ከውጽእ መሰል ከምዘይብሉ ነጸረ።

6. ንብረት ውድብ እትጥርንፍ ሽማግለ ኣቑመ።

ስለ'ዚ፣ ብዛዕባ ታሪኻዊ ውሳኔታት ጉባአ ኣዶብሓ ኣብ ዓሚቝ ፖለቲካዊ ትንተና ከይኣተኹ፣ ውሳኔታቱ ብሓደ ወገን ነቲ ናይ ህዝብን ሰውራን ሓድነትን ዲሞክራስያዊ መስርሕን ዘገድሶ ናይ ለውጢ ሓይሊ ቃልስታቱ ሽቶኡ ከምዝሃረመ ዘበስር ክኸውን እንከሎ፣ ነቶም ኣድሓርሓርትን ወገናውያንን ሃይማኖታውያንን ናይ ስልጣን ሃረፍትን ግን መዓንጣኦም ብምዝራግ ኣብ ናይ ምፍንጫልን ምሕካልን መርገጻትን ኣጀማትን ከምዝሸኾሉ ገይርዎም እዩ።

ጉባአ ኣዶብሓ ብዕለት 25/8/1969 ብዓወት ድሕሪ ምዝዛሙ፣ ጠቕላሊት መሪሕነት (ኣልቅያደ ኣልዓማ) ንሰራዊት ሓርነት ከካብ ቦታኡ ብምጽዋዕ ምትሕንፋጽ ጀመረት። ኣብ ጣህራን ኢሮታን ምትሕንፋጽ ድሕሪ ምክያድ፣ ንሕናን ካልኦት ዝተረፉ ተጋደልትን ኣብ ሰበር ክንእከብ ተጸዋዕና። ኣብ ሩባ ሰበር ኩሎም ኣባላት ጠቕላሊት መሪሕነት መጺኦም ነበሩ። ምኽንያቱ ከኣ፣ ስድራ ቤት ኣባል ጠቕላሊት መሪሕነት ዝነበረ ስውእ ተጋዳላይ ጃዕፈር ጃብር ናይ ወዶም ተዝካር ኣብ ከባቢ ሓልሓል ይገብሩ ስለዝነበሩ ንኹሎም ኣባላት ጠቕላሊት መሪሕነት ጸዊዖምዎም ስለዝነበሩ እዩ። ኢሳያስ ኣፍወርቂ'ውን ተሳቲፉ ነይሩ። እቶም ሰብ ገዛ ሓሙሽተ ወይ ሽዱሽተ ዝኾና ከብቲ ሓሪዶም ነበሩ፣ ምኽንያቱ ከኣ፣ ብሓደ ሸነኽ ኣባላት ጠቕላላ መሪሕነት ምስ ኣሰነይቶምን (ኣጥዋፍ)፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ተዓዲሙ ስለዝነበረ እዩ። ስለ'ዚ ኣብ'ዚ ቦታ'ዚ ንክልተ መዓልታት ጸናሕና።

ካብ'ዚ ዝተጠቕሰ ቦታ ናብ ከባቢ ጀንገሬን በየን ናብ እተባህለ ቦታ ብምጉዓዝ፣ ጠቕላሊት መሪሕነት ኣብኡ 24 ሰዓታት ዝወሰደ ኣኼባ ኣካየደት። እቲ ኣኼባ ናይ

መራሕነት ዝተፈላለየ መደባት ንምሕንጻጽ ዝምልከት ነበረ። ብድሕሪ'ዚ መብዛሕትኦም ኣባላት ጠቕላሊ መራሕነት ናብ ወገን ሓልሓል ገጾም ተንቀሳቐሱ።

# ሐ. ድቂ ሰልፊ ናጽነትን ስርያ ኣዲስን (ሓይሊ ኣዲስ ኣበባ)

ኣቐድም ኢለ ከም ዝተንከፍክዎ፡ ኣብ መንጎ ስዉእ ኣብርሃ ተወልደን ኣብ መንጎ ስዉእ ስለሙን ወልደማርያምን ብዛዕባ ናትና ይኹን ናይ ካልኦት ሓድሽቲ ሰልፈኛታት ምቕባል ዝምልከት ዘይምስምማዕ ከምዝነበረ ጠቒሰ ነይረ'የ። እዚ ጉዳይ'ዚ ኣብ መንጎ ክልተ ሰባት ዘሎ ዘይምስምማዕ ጥራሕ ጌርካ ምውሳድ ዘይኮነስ፣ ብሕጋዊ ዓይነን ብመትከላዊ መርገጻትን ዘለዎ ትርጉም ምርዳእ'ውን ኣገዳሲ እዩ በሃላይ እየ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ፡ ምስ'ቲ ድሒሩ ዝተራእየ ምፍንጫላት ምትእስሳር ዝነበሮ ጉዳይ'ዩ ነይሩ።

ስለሙን ወልደማርያም፡ ንኻና ናብ ስሉሳዊ ሓድነት ማለት ናብ ኣብርሃ ተወልደ ድሕሪ ምስርኻብ ናብ ዓላ ማይ ሓባር ንፋሲት እናተመላለሰ ሓድሽቲ ሰልፈኛታት ምቕባል ቀጸለ። ብፍላይ ከኣ፡ ነቶም ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመጹ ዝነበሩ፡ ድሒሮም ብስርያ ኣዲስ ዝብል ስም ዝተፈልጡ፡ ኣብ ኣፈልባ እናተቐበለ ኣብ ሰለድ ይእክቦም ነበረ። ስለሙን፡ ነዚ ዕማም'ዚ፡ ምስ ተኸለሃይማኖት ዝብሃል ካብ ኣስመራ ንኣዲስ ኣበባ ዝመላለሳ ዝነበራ ኣውቶቡስ ሳታዮ ኣውቶቲስታ ዝነበረ፡ ሕጂ ኣብ ሽወደን ዝርከብ ብምትሕብባር'ዩ ዘካይዶ ዝነበረ።

ስለሙን፡ ብትግሃቱን ብተወፋይነቱን ናይ ብሉፅ ብርቱዕ ተጋዳላይ'ዩ ነይሩ። ስለ'ዚ ከኣ'ያ ጀብሃ ኣብ ሳልሳይቲ ክፍሊ እንከሎ ህዝቢ ንምንቅቓሕን ንምስራዕን ናብ ኣዲስ ኣበባ ዘለኣኸቶ። በዚ ከኣ'ዩ፡ ብሓፈሻ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ ኤርትራዊ፡ ብፍላይ ከኣ፡ ኣብ ዩንቨርስቲ ዝነበሩ

ኤርትራውያን ተምሃሮ ናይ ምስራዕ ዕድል ዝረኸበ። ሰለሙን ክንድ'ቲ ብብርቱዕ ተቓላሳይ ዝፍለጥ ዝነበረ ብማዕረኡ ዝኾነ ተንኰለ'ውን ይልለ ነይሩ እዩ። ብሓጺሩ፣ ሓደ ካብ'ቶም ኣለዉ ዝበሃሉ ብተንኰል ዝተበልዑ ተጋዳላይ'ዩ ነይሩ። ምስ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝነበሮ ዝምድና ድማ፣ ሓደ ካብ'ቶም ጭል ዝበሉ ኵራኽሩ እዩ ነይሩ። ናይ ምፍንጫል መደባት ስለዝነበሮም ከኣ'ዮም ነዚ ከፍሊ'ዚ ከም ቅሙጥ ሓይሎም ክቖጽርዎን፣ ብሃይማኖታዊ ጸጊዕ ክላልይዎን ዝፍትኑ ዝነበሩ።

ክቱር ተንኰል ናይ ሰለሙን ወልደማርያም ክሳብ ንብጾቱ ንጸላኢ ኣሕሊፉ ምሃብ ዝበጽሐ ስለዝነበረ፣ ኣብ'ዚ ንገለ ካብ እኩይ ተግባራቱ ክኸሽሑ ሕልናይ የገድደኒ። ሰለሙን ወልደማርያም፣ ናይ'ታ ናይ ስሉሳዊ ሓድነት ናይ ኣስመራን ከባቢኣን ዝነበረት ናይ ፈዳኢን ጕጅለ ናይ ገንዘብ ምውጻእ ሓላፊ፤ ስዒኡ ኣረፋይነ ድማ፣ ናይ ወተሃደራዊ ስርሒት ሓላፊ ኴይኖም ብሓባር ይሰርሑ ነበሩ። ሰለሙን፣ ኣብ ከተማታት ካብ ዝነብሩ ሃብታማት ኤርትራውያን፣ ተጋደልቲ ብምልኣኽ፣ ገንዘብ ክእክብ ከሎ፤ ኣረፋይነ ድማ፣ ኣብ ልዕሊ ናይ ኢትዮጵያ ናይ ስለላ ኣካላት ናይ ሞት ስጕምቲ ይወስድ ነበረ። ኣብ'ቲ ግዜ'ቲ ብዛዕባ ምፍንጫላት ብዝምልከት፣ ኣብ መንጎ ሰለሙንን ኣረፋይነን ዘይምስምማዕ ስለዝነበረ፣ ንኣረፋይነ ምስ ሸሞንተ ብጾቱ ብጸላኢ ክምዝቕተሉ ገበረ። ኣብ ከባቢ ድርፎ ኣብ ዝነበርሉ እዋን፣ ናይ ኰማንድስ ሓይልታታት መጽኦም'ሞ፣ ሰለሙን ኣቐዲሙ ስለዝርኣዮም፣ ንብጾቱ ከይሓበረ ወይ ድማ ተኹሲ ከይከፈተ፣ ንነብሱ ንምድሓን ናብ ወገን ጕልዒ ገጹ ሃተፈ። እቶም ዝተረፉ ብኰማንድስ ተኸቢቦም፣ ኢዶም ክህቡ ተሓተቱ። እቶም ተጋደልቲ ግን፣ ብጅግንነት ተዋጊኦም፣ ዝወደቑ ኣውዲኦም ብምልኣቶም ተሰውኡ። ብድሕር'ዚ፣ ሰለሙን ናይ'ዮም ተጋደልቲ ኣሰዋውኣ ክገልጽ ተሓቲቱ፤ «ኣረፋይነ ንኰማንድስ ተሓቢኡ ክሕልፎም ክፍትን ከሎ፣ ሓደ በለስ ዝኣሪ ዝነበረ ሰብኣይ ስለዝሓሰወሎም፣ ተኹሲ ተኸፊቱ ኩሎም ድማ ኣብኡ ኣሰዊኦምዎም» ዝብል ጸብጻብ ሕፍር ከይበለ ኣቕረበ።

ጉባኤ ኣዶብሓ ድሕሪ ምዝዛሙን መብዛሕትኦም ተጋደልቲ ድሕሪ ምትሕንፋጾምን፣ ጠቕላላ መሪሕነት፣ ናይ'ቶም ኣብ ሰለድ ተኣኪቦም ዝነበሩ ሓደስቲ ተጋደልቲ ወረ ስለዝሰምዐት፣ ንተጋዳላይ ሰለሙን ወልደማርያም ሰለስተ ተኸታተልቲ ደብዳቤታት ለኣኸትሉ። ትሕዝቶ'ቲ ደብዳቤታት ድማ ብመሰረት ውሳኔ ጉባኤ ኣዶብሓን ጠቕላሊት መሪሕነትን ንምትሕንፋጾም ዝጽውዕ ነበረ። ይኹን እምበር፣ ሰለሙን ናይ ስቕ ወይ ዘይምምላስ መርገጽ ወሰደ። ብድሕር'ዚ፣ ጠቕላሊት መሪሕነት ተጋደልቲ ብምልኣኽ ኣሲራ ኣምጽኣቶ። ንስርያ ኣዲስ ተጋደልቲ ብዝምልከት ከኣ፣ ናብ ከባቢ ከረን፣ ሓልሓል፣ ኣስማጥ፣ መሬት ማርያ ጸላም ብምምጻእ ግዝያዊ መደባት ገበረትሎም። ንተጋዳላይ ሰረቐ ባህታ ናይ'ታ ሓይሊ ሓላፊ፣ ካልኣት ናይ ወተሃደራዊ ክእለት ዘለዎም መምሃራን መደበትሎም። ሰረቐ ባህታ፣ ክሳዕ ሕጂ ኣብ ውድብ ጸኒዑ ዝቃለስ ዘሎ እሙን ሃገራዊ እዩ። ድሕሪ ወተሃደራዊ ትምህርቶም ምዝዛሞም፣ ልክዕ ከም'ቲ ንኹሉ ሰራዊት ናይ ምትሕንፋጽ ስጉምቲ ዘካየደት ጠቕላሊት መሪሕነት ክትሓናፍጾም መታን ናብ ማይ ሽዋ ዝተባህለ ኣብ ከባቢ ሓጋዝን ዓደርደን ዝርከብ ቦታ ጸውዓቶም።

ኩሎም ኣባላት ጠቕላሊት መሪሕነት ሰዓት ሸሞንተ ኣብ ማይ ሽዋ ይኣትዉ። ስርያ ኣዲስ ከኣ፣ ናይ ታዕሊም ምርኢት ኣርኣየ። ጠቕላሊት መሪሕነት «ጽቡቕ ታዕሊም ርኢና፣ ናይ ብሓቂ ጽቡቕ ዓወት'ውን እዩ። ሎሚ ኣብ'ዚ መጺእና ዘሎና ምኽንያት፣ መደብኩም ንኽነፍልጠኩም እዩ። ንሱ ድማ ኣብ ነፍስወከፍ ሓይሊ ሽሽድሽተ ተጋደልቲ፣ ኣብ ነፍስወከፍ ጋንታ ድማ ክልተ ክትምደቡ ኢኹም» በልዎም። እቶም ተዓለምቲ ግን ነዚ መደብ'ዚ ከም ኩነ ኢሎም ንምፍልላዮም ዝተገብረ ገይሮም ስለዝቖጸርዎ ብስሩ ነጸግዎ። «ጽቡቕ ተዓሊምና ኣሎና፣ ብረት ሃቡና፣ ከም ሓይሊ ከኣ ኣብ ዝደለኹምዎ መድቡና» ኣብ ዝብል መልሲ ነቐጹ። እቲ ኣኼባ በዚ ጉዳይ'ዚ ካብ ሰዓት ሸሞንተ ናይ ንግሆ ክሳዕ ሰዓት ሽዱሽተ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ቀጸለ። እዚ ኩሉ ናይ ሸንኮለል ብልሓት ካብ'ቶም ሓደስቲ ተጋደልቲ ዝተበገሰን

ዝመንጨወን ከምዘይኮኑ ብሩህ ነበረ። ኢሳያስ ኣፍወርቂ ኣብ ማይ ሽዋ ነይሩ፣ ግን ዙሉ'ቲ ኣኼባ ንዥሎም ኣባላት ጠቕላልት መሪሕነት ከውል ኣይነበረን። ምስኡ ድማ፣ ተወልደ እዮብ፣ መዓሾ ከብሮም፣ ኣስመሮም ገረዝጊሄር፣ ዘሚኪኤል ከም ሰብ ደሓን ኮፍ ኢሎም ይዕዘቡ ነበሩ። ገለ ካብቶም ኣባላት ስርያ ኣዲስ ክንሽይን ደሊና እናበሉ ይወጹ'ሞ፣ ምስ'ዞም ሰባት ተራኺቦም ይምለሱ ነበሩ። ሕሽኽሹኽ ከኣ ገርጊራ ወዓለት። ኣብ መውዳእታ፣ ጠቕላሊት መሪሕነት ናብ ጥርጡራ ኣተወት። ድሕር'ዚ ጠቕላሊት መሪሕነት ኣብ ጥርጡራ ከም ዝኣተወት ኣባላት ስርያ ኣዲስ ይኹኑ ለኣኽቶም ስለዝመዘኑ «ሕራይ ክንምደብ ኢና» በሉ'ሞ፣ ናብ ዙሉ ቦታታት ኤርትራ ተመደቡ።

ኣብ ውሽጢ ካብ ሓደ ወርሒ ዘይበዝሕ ግዜ፣ ሜዳ ኤርትራ ብተዋናጫፊ ደብዳበታት ተለቕለቐት። ኣባላት ስርያ ኣዲስ ብደብዳበታት ክራኽቡን ክለኣእኹን ጀመሩ። ዝተታሕዘ ደብዳበታት ንምንባብ እንተተፈተነ፣ ወይከ፣ ገሊኡ ብምስጢራዊ ኮድ፣ ገሊኡ ብቊጽርታት፣ ገሊኡ ብናይ ሩስያ ዝመስል ፊደላት ኰነ። ድሕሪ ነዊሕ ምክትታል ግን፣ ገለ ብትግርኛ እተጻሕፈ «ኣጆኹም ኣይትሕመቑ፣ ከም'ቲ እተባሃሃልናዮ ንግበር» ዝብል ትሕዝቶ ጥራሕ ዘለዎ'ውን ተረኸበ።

ጠቕላልቲ መሪሕነት፣ እዚ ደብዳበታት'ዚ ምስ ሓዘት፣ እቲ ኣብ ስሉሳዊ ሓድነት ተረኺቡ ዝነበረ ናይ ስለሳ መርበብ ኣብ ቅድሚ ዓይና ተደቀነ። ሰውራና ኣብ ዲቕ ዝበለ ሓደጋ ከይኣተወ እንከሎ፣ ነዚ ጕዳይ'ዚ መፍትሒ ክንረኽበሉ ኣሎና ካብ ዝብል ኣተሓሳስባ፣ ኣባላት ስርያ ኣዲስ ከካብ ዘለዉዎ ቦታታት ናይ ምእካብ ውሳኔ ኣሕለፈት። ብመጀምርያ፣ እቶም ኣብ ከባቢ ባርካ ዝነበሩ 17 ዝኾኑ ኣባላት ስርያ ኣዲስ ከምዝእከቡ ተገብረ። ክሳዕ እቶም ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ተመዲቦም ዝነበሩ ብጾቶም ዝመጹ ድማ፣ ብ12 ዝኣባላታ ናይ ሓለዋ ጕጅለ ተሰንዮም ናብ ጕቦ ደብረ ሳላ ደየቡ። ኣብ ሓንጎሎም ኰይኑ ዝርብጾም ሓንኳል ሓሳባት ስለዝነበሮም ከኣ፣ ኣብ

ልዕሊ'ታ ናይ ሓለዋእም ጕጅለ ስጕምቲ ናይ ምውሳድ ውጥናት ኣውጺኡ። ውጥኖም ድማ፣ ብረት ካብ ሓለውቶም መንዚዖም፣ ዝቕተል ቀቲሎም ብለይቲ ናብ ከተማ ኣቕርደት ብምእታው ኢዶም ንጸላኢ ምሃብ ዝብል ነበረ። ሓደ ክሸይን ደልየ ብዝብል ምኽንያት ነቲ ዋርድያ ቅርብ ኢሉ ብረቱ ክምንጥል፤ ሓደ ነቲ ሓላፊ ናይ'ታ ናይ ሓለዋ መስርዕ ደቂሱ ከሎ ብእምኒ ርእሱ ክዋፍልቆ፤ ክልተ ካልኦት ድማ፣ ነቶም ክልተ ሰብ ትርሺ (ብረን) ንኸጥቅዑ ተሰማምዑ። እቲ ሓላፊ መስርዕ ሽዑ ተጨፍሊቑ ተሰውአ። ሓደ ካብ'ቶም ሰብ ትርሺ፣ ብረቱ ተጠምጢምዋ ደቂሱ ስለዝነበረ እቲ ብረቱ ክምንዝዖ ተመዲቡ ዝነበረ ኣባል ስርያ ኣዲስ ክዕወተሉ ኣይከኣለን፤ ኣብኡ ድማ ንርእሱ ተቐትለ፤ ዝተረፉ 16 ሃዲሞም ንኣቕርደት ኣተዉ። እዚ ምስ ተረኽበ፣ ክሕደት ስርያ ኣዲስ ኣብ ሜዳ ብምሉኡ ተወርየ። እቶም ኣብ ካልእ ቦታታት ተመዲቦም ዝነበሩ ኣባላት ስርያ ኣዲስ መብዛሕትኦም ሃሃዲሞም ኢዶም ንጸላኢ ክህቡ እንከለዉ፤ ዝተረፉ ድማ ናብ ሰልፊ ናጽነት ተጸንበሩ።

ንእግሪ መንገደይ ክሕብሮ ዝደሊ ከኣ፣ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ድሕሪ ጕባእ ኣዶብሓን፤ ድሕሪ ምትሕንፋጽ ሰራዊት ሓርነት ምዝዛሙ፣ ምስ ገለ ብጾቱ፣ ናይ ውድብ ስርሓት ንምክያድ ብዝብል ሽፋን ኣብ ከባቢ ርእሲ ዓዲ፣ ዓዲ ሹማ፣ ገማግም ቀይሕ ባሕሪ'ዩ ዝንቀሳቐስ ነይሩ።

እምበኣርከስ ዝተባህለ እንተተባህለን፤ ዝተጠቕሰ እንተተጠቕነን፤ ዝተጋነነ እንተተጋነነን እቲ ብዓይነይ ዝረኣኽዎ ሓቂ እዚ ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ናይ ምፍንጫል መደባት ዝወለዶ ውዲታትን ሕሹኽሹኻትን ክሕደትን እዩ ነይሩ። ሓቂ ንምውሓጥ፣ ንገለ ውልቀሰባት ይኹኑ ጕጅለታት፣ ብጣዕሚ ስለዘሸግሮም፤ ንታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ክጥምዝዙን ክጠውዩን ወትሩ ካብ ምጽዓር ዓዲ ክምዘይውዕሉ ተመክሮ ሰውራ ኤርትራ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ። ከም ብዓል ሰለሙን ወልደማርያምን ኢሳያስ ኣፍወርቅን ዝኣመሰሉ ገበነኛታት፣ ንዝፈጸምዎ ገበን ንምሽፋን ወይ ንኽልእ ንምስካም፣ «ጀብሃ እድሓርሓሪት

ሃይማኖታዊት ቀታሊት ሓራዲት ...ወዘተ» ኢሎም ክልፍልፉ ክለዉ ኣዒንቲ መን'ዮም ክደፍኑ ደልዮም!!!

ስለ'ዚ፡ ብጉዳይ ስርያ ኣዲስ ሓላፍነት ዝስከም ሽነኽ ጆብሃ ወይ ድማ ኣባላት ስርያ ኣዲስ ዘይኮኑስ፣ እቶም ኩሉ ኢሎም ናብ'ቲ ናይ ምፍንጫል መደባቶም ከእትውዎም ኢሎም ዝደፋፍእዎም ዝነበሩ ተንኮለኛታት መራሕቲ ናይ ሽዑ ሰልፊ ናጽነት ናይ ሕጂ ህ.ግ.ሓ.ኤ. እዮም። ንንጹሃት ኣባላት ስርያ ኣዲስ ከም'ዚ እንተበልኹም ከም'ዚ በልዎም ...ወዘተ እናበሉ ናብ ገድል ዘጽደፍዎምን፣ ፋሕ ጭንግራሕ ዘእተውሎምን መራሕቲ ህዝባዊ ግንባር ምዃኖም ታሪኽ ዝምስክሮ ሓቂ እዩ።

# ሓፈሻዊ ስእሊ ኣብ ድሮን ጽባሕን ናይ 1970 ዓ.ም ናይ ምፍንጫል መድረኽ

ሀ. ኣባላት ላዕለዋይ ባይቶ ክሳዕ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ዝግበር ጠጠው ኢሎም ክጸንሑን፣ መራሕቲ ክፍልታትን ምኽትላቶምን ድማ ካብ ስልጣኖም ክወርዱን ዝብል ውሳኔ ናይ ጉባኤ ኣዱብሓ ኣብ ዝሓለፈሉ እዋን፣ ክልተ ኣገደስቲ ታሪኻዊ ተርዮታት ኣጋጢሙ። እዘን ተርእዮታት እዚኣተን ከአ ንዝመጽእ መድረኻት ዝእምታ ተረኽቦታት እየን ነይረን ክበሃል ይከኣል። ናይ ራብዐይቲ ክፍሊ ሓላፊ ዝነበረ፡ ተጋዳላይ መሓመድ ዓሊ ዑማሮ፣ ነዚ ውሳኔ'ዚ ብምንጻግ «ካብ ስልጣነይ ዘውርደኒ ሰብ ይኹን ኣካል ፈጺሙ የለን» እናበለ ክፍክር እንከሎ፤ ናይ ሓሙሻይቲ ክፍሊ ሓላፊ ዝነበረ ስዉእ ኣብርሃ ተወልደ ግን፡ ንውሳኔ ጉባኤ ኣዱብሓ ብምድጋፍ «እዚ ብንጽህና ንቸቅምን ድሕነትን ህዝብን ውድብን ዝሕሉ ካብ ኮነ፣ ካብ ስልጣነይ ጠጠው ዘይብለሉ ምኽንያት የለን ፤ስለ'ዚ እቕበሎ እየ» ብምባል መመርገጹም ኣነጸሩ። ካብ'ዚ ሓቅታት'ዚ ክንዋጽኦ እንኽእል ቍምነገር እዚ ዝስዕብ እዩ።

1. ተጋዳላይ መሓመድ ዓሊ ዑማሮ፡ ብሓደ ሸነኽ ድሮ ንምፍንጫል ጸሚዱ ከምዘሎ ወይ ድማ ንመጸኢ ግዜ ክጸምድ ምዃኑ ክኸውን ከሎ፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ንስልጣኑ ቅድሚ ሓድነት ህዝብን ውድብን ከምዝሰርዖ እዩ። መሓመድ ዓሊ ዑማሮ፡ ምስ ስዉእ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ይኹን ምስ ካልኦት ደቂ ሰምሃር ፍሉይ ዝምድናታት ይገብር ምንባሩ ከአ ነቲ ዝፈልጦ ሓቂ እዩ።

2. ስዉእ ተጋዳላይ ኣብርሃ ብዝምልከት ከኣ፡ ዝኾነ ይኹን ናይ ምፍንጫል ድልየትን ኣጀምን ከምዘይነበሮ ጥራሕ ዘይኮነስ፣ ንስዒቡ ዝተራእየ ናይ ኢሳያስ ኣፍጠርቅን ሰለሙን ወልደማርያምን ብጸቶምን ናይ ምፍንጫል ሓሳባትን ተግባራትን ተጻሪሩ ከምዝነበረን፤ ብተወሳኺ፡ እዚ መርገጽ'ዚ፡ ኣብርሃ ተወልደ ናይ ሓድነት ስናይ ድሌት ከምዝነበሮን፣ ንስልጣኑ ድማ ልዕሊ ረብሓ ህዝቢ ዘይሰርዕ ተጋዳላይ ምንባሩ'ዩ ዝሕብር።

ድሕሪ ጉባኤ ኣዶብሓ፡ ዑማሮ ምስ ሳበ ብምርኻብ ሓድሽ ውድብ ንምምስራት ናይ ምፍንጫል ምንቅስቓሳት ክካይድ ጀመረ። ኣብርሃ ተወልደ ድማ፡ ዕረፍቲ ክውሃቦ ሓቲቱ፡ ምስ ተኸለ እተባህለ ተጋዳላይ ናብ ዓላ ማለት ናብ ከባቢ ናይ'ቲ ንሱ ዝተወልደሉ ቦታ ከደ። ክይውዓለ ክይሓደረ ድማ ብጉጅለ ኢሳያስን ሰለሙንን ተቐቲሉ፤ ምኽንያቱ ድማ፡ በቲ ኣብ ህዝብን ሰራዊትን ዝነበሮ ተቐባልነት ብህይወቱ እንተደኣ ጸኒሑ፣ እቲ ናይ ምፍንጫል መደባቶም ክዕወት ከምዘይክእል ስለ ዝተገንዘቡ እዩ።

ለ. ኣብ ጽባሕ ምዝዛም ጉባኤ ኣዶብሓ፡ ገለ ኣባላት ጠቕላሊት መሪሕነት፡ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ግዳም ናይ ምፍንጫል ምንቅስቓሳትን ርኽክባትን ክካይዱ ስለዝጀመሩ፣ ጠቕላሊት መሪሕነት ኣብ'ዚ መደብ'ዚ ዝሳተፉ ዝነበሩ 6 ካብ ኣባላታ፡ ኩሎም ከኣ ደቂ ሰምሃር (ቀይሕ ባሕሪ) እዮም ነይሮም፡ ኣሰረት። ድሒሩ ብ1971 ዓ.ም መሪሕቲ ዑበላውያን ዝነበሩ ብኢደ ወነኖም ፈቲሖምዎም።

ሐ. ዑስማን ሳልሕ ሳበ፥ ምስ ገለ ትርፍራፍ ሳዕለዋይ ባይቶን፣ ገለ ኣባላት ናይ'ታ ብዘመነ-ክፍልታት ኣብ ከሰላ ኮይና እትመርሕ ዝነበረት ሰውራዊት መሪሕነት እትብሃልን፣ ገለ ኣባላት ማሕበር ሸውዓተ ነበርን፣ ኣብ ዓማን ርእሰ-ከተማ ዮርዳኖስ ኣኼባ ብምግባር ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝኣቦ መንበሩ «ኣማና ኣልዓማ» እትብሃል መሪሕነት ኣቘመ። ንጉባኤ ኣዶብሓን ውሳኔታቱን ዝኸሕድን ኣዋጃት ድማ ኣውጽአ።

መ. ብዕረፍትን ብሕማምምን ካልእ ውድባዊ ስርሓትን ናብ ሱዳን ንዝኣትዉ ዝነበሩ ተጋደልቲ ብገንዘብ (ንዕኦምን ንስድራ ቤቶምን ዝኸውን ሓገዝ) ከሰድዕዎም ላዕልን ታሕትን በሉ። ጠቕላሊት መሪሕነት ካብ ውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ተኣልዩ ዝብል መፍትሒት ብምዝርጋሕ ድማ፥ ተኻላኸልቲ ናይ'ቲ ሰራዊት ዝደገፎ ጉባኤ ከመስሉን፣ ንጠቕላሊት መሪሕነት ብዝገበሩዎን ዘይገበሩዎን ስማ ክጉድፉን ተራእዩ። ኮታ ነቲ ኣርሓ ብምኹን ንጠቕላሊት መሪሕነት ከጸልም ተዋፈረ።

ሰ. ገለገለ ውልቀሰባትን ሓለፍትን ንተጋደልቲ እናሰደዑ ካብ ሜዳ ንሱዳን፣ ካብ ሱዳን ድማ ናብ የመንን ደንከልያን ከሰግርዎም ጀመሩ።

ረ. ወልዳይ ግደን ኪዳነ ክፍሉን ዝተባህሉ ተሓባበርቲ ናይ ሰውራዊት መሪሕነት ኣብ ከሰላ ዝነበሩ፣ ምስ ዑስማን ሳልሕ ሳበ ብምትእስሳር ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ናይ ምፍንጫልን ሓድሽ ውድብ ናይ ምስራሕን ውዲታት ተጸሚዶም ኣብርቲዖም ይንቀሳቐሱ ስለዝነበሩ፣ ኣብ ከሰላ ተቐቲሎም። እቶም ተፈንጨልቲ ነዚ ብምምዝማዝ «ጀብሃ ሓራዲት ተንጻሊት» ዝብል ቃላት ብምድግጋም ከም መጸረዪ ኣፎም ተጠቒሞሉ።

ሸ. ብመጋቢት 6/1970 ዓ.ም ኣብ ሶድሓ ዒላ እተባህለ ቦታ ኣብ ደንከልያ ጉባኤ ብምግባር ዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝውንኖ፣ ዑማር፥ መስፍን ሓጎስ፥ ኢሳይያስ መሓመድ ስዒድ ... ወዘተ ዝኣባላታ ሓዳስ መሪሕነት ብምቛም

ንነብሶም «ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ» ኢሎም ጸውዑ።

ቀ. ብወርሒ 6/1970 ዓ.ም ኣርባዕተ ኣባላት ጠቕላሊት መሪሕነት ዝነበሩ ደቂ ቤንዓምር (ኣደም ሳልሕ፡ መሓመድ ኣሕመድ ኢድሪስ፡ ዑስማን ዓጅብ፡ ኣሕመድ ዑመር) ምስ ገለ ሰዓብቶም ኣብ ባርካ ኣብ ሩባ ዑበል ኣኼባ ብምግባር፣ ብሓደ ወገን ንህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ዝድግፍ መርገጸት ከመስዱ፣ ነቶም 6 እሰራት ኣባላት ጠቕላሊት መሪሕነት ንሳበ ዕርቡን ክኸውን ብማለት ክፈትሑን ክለወ. ፤ ብኻልእ ወገን ድማ ንነብሶም «ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ» ብዝብል ስም ጸውዑ።

በ. ኢሳያስ ኣፍወርቂ ምስ ብጾቱ ከኣ ናይ ጀብሃ ስርሓት ነካይድ ኣሎና ብዝብል ጉልባብን ተንኰልን ምፍንጫሉ ብዕሊ ክይኣወጀ፡ ኣብ ከባቢ ዓዲ ሸውማ፡ ምራራ ...ወዘተ ክንቀሳቐስ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ህዝባዊ ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ ናይ ሶድሓ ዔላ፡ ኣብ ወገን ቀይሕ ባሕሪ ምስ በጽሑ፣ ርኽክብ ብምጅማር ናይ ተጋደልትን ኣጽዋርን ስንቅን ሓገዛት ካብኦም ክረክብ ጀመረ። ድሒሩ ድማ ምፍንጫሉ በቲ ክርስትያናዊ ትሕዝቶ ዘለዎ «ንሕናን ዕላማናን» ዝብል ኣዋጁ ኣገሃደ።

# ናይ ድሕነት ቃልሲ
# 1971–1972 ዓ.ም

ክም'ቲ ኣብ ላዕሊ ዝኣመትክዎ ናይ 1970 ዓ.ም ሓፈሻዊ ስእሊ ዝሕብሮ ሰውራ ኤርትራ ነቕ ነቕ ኣብ ዝብለሉ ኲነታት'ዩ በጺሑ ነይሩ። ምኽንያቱ ከኣ፡ ብሓደ ወገን፡ ሰለስተ ወገናት ወይ ዓሌታት ናይ ሻዕብያ ምፍንጫሎም፣ በቲ ካልኣይ ወገን ድማ፡ ጠቕላሊት መሪሕነት ንሰውራ ኤርትራ ክትመርሕ ኣብ ዘይትኽእለሉ ደረጃ በጺሓ ስለዝነበረት እዩ። ኣብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ ሓደገኛ መድረኽ፡ ብሓደ ሸነኽ ንውሳኔታት ጉባኤ ኣዶብሓ ሕጋውነቱን ምሕላቕ፣ ብኻልእ ሸነኽ ድማ፡ ንግደ ዲሞክራስያዊ ሓይልን ዲሞክራስያውያን ባእታታትን ንምዕዛዝን ንምጥርናፍን ብርቱዕ ጻዕሪ ምክያድ ኣድላዪ ምዃኑ ንግንዘብ። ብዙሕ ኲሉ ክይበልና ድማ፡ እቲ ምርጫ ወይ ከም'ቶም ሰለስተ ገጻት ናይ ሻዕብያ ዝወሰድዎ ወገናውን ሃይማኖታውን ዓሌታውን መርገጻት ሒዝካ፣ ኣብ ዘዝተወለድካሉ ስንጭሮን ገረብን ዓውድን ባራትን ቤ.ተ–ክርስትያንን መስጊድን ክድካ ምሕካል፤ ወይ ድማ፡ ንሰውራ ንምድሓን ምቅላስ ጥራሕ'ዩ ነይሩ። ተ.ሓ.ኤ. ኣብ'ቲ መድረኽ'ቲ ዝወሰደቶ ምርጫ ከኣ እቲ ካልኣይ ነበረ። እዚ ድማ ብወተሃደራዊ ጉባኤ ዓዋቲ ኣቢልካ ናብ ሃገራዊ ጉባኤ ብምብጻሕ ነቲ ክድሕን ዝኽእል ምድሓን ማለት ነበረ።

እምበኣርከስ፡ ኣብ'ዚ ኣብ ላዕሊ እተጠቕሰ ዓመታት ናይ ጠቕላሊት መሪሕነት ናይ ምምራሕ ግደ እናሃሰሰን ዓቕማ'ውን እናሓጸረን ከደ። ነዚ ብምርዳእ፡ ንምዕዋት ጉባኤ ዓዋቲን ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤን ብምድጋፍ ንሰውራ ኤርትራ ናይ ምድሓን እዎንታዊ ተራ ተጻወተት። ጉባኤ ዓዋቲ መጀመርያ ኣብ ኩር'ዩ ክካየድ ተፈቲኑ፤ እንተኾነ ግን፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ነዚ ጉባኤ ዝካየደሉ ቦታ ብሰለይታ ገይሩ ስለዝፈለጠቶ፣ ነፈርታ ብብዝሒ

ብምዝንባይ ስለዝረበሸቶ ናብ መዓስከር ዓዋተ ክቕየር ግድነት ኮነ።

ሕጂ'ውን መራሕቲ «ሓይልታት ሓርነት ኤርትራ» ወይ ድማ ዑበላውያን ንዝቕተሉ ቀቲልካ፣ ንመብዛሕትኦም ኣባላት ጉባእ ዓዋተ ኣሲርካ ንጀብሃ ኣብ ትሕቲ ምቍጽጻርካ ምእታው ዝብል ምስጢራዊ ወተሃደራዊ ውጥን ተለሙ። ብዝያዳ ንምብራህ ኣብ'ዚ ጉባእ'ዚ ተሳቲፎም ዝነበሩ ብዘይካ ኢሳያስ ኣፍወርቅን መምህር ኣበራ መኰንንን ካልኦት ኵሎም ኣባላት ጠቕላሊት መሪሕነትን፣ ናይ ሓይልታትን ጋንታታትን መራሕትን ምኽትላቶምን፣ መራሕትን ምክትላትን ክፍልታት፣ ናይ ሓይልታት ሓካይም ካብ ወጻኢ ዝመጹ ባእታታት (ከም'ኒ ሕሩይ ተላ፣ ኢብራሂም ኢድሪስ መሓመድ ኣደም) ነበሩ። ይኹን'ምበር፣ እቲ ውዲት ኣብ ግብሪ ንምውዓል ኣብ ሓሳብ እንከሎ፣ ሓደ ካብ'ቶም ንጉባእ ዓዋተ ከጥቅዑ ተመዚዞም ዝነበረ ተጋዳላይ፣ ድሮ ጉባእ ንዑስማን ኣቡሸነብ «ኣነ ንዓኻ ብጣዕሚ ስለዝፈትወካ፣ እሞ ክትመውት ስለዘይደልየካ፣ ጽባሕ ንግሆ እዚ ጉባእ ብዑበላውያን ክጥቃዕ ምዃኑ እሕብረካ ኣለኹ።» ክብል እቲ ምስጢር ገለጸሉ። ከም'ቲ መብዛሕትና እንፈልጦ ዑስማን ኣቡሸነብ ቅኑዕን ንጹህን ኣብ ርእሲ ምዃኑ፣ ንጀብሃ ኣሕሊፉ ዘይህብ ሓርበኛ ተጋዳላይ'ዩ ነይሩ። ለይቲ ድቃስ ኣብይዎ ሓዲሩ፣ እንጊሁ ኣብ'ቲ ቦታ ናይ ጉባእ መጺ'ሞ፣ በቲ ፍሉጥ መስሓቕ ኣዘራርባኡ ገይሩ፣ ስሓቕ ምስ ቍምነገር ብምትሕውዋስ «ሎሚ መዓልትና ኣይክትክሰውንን እዩ፤ ጉባእ ክህጀም እዩ» በለ። ቀጺሉ ድማ ነቶም ንጉባእ ዝመርሑ ዝነበሩ ሰለስተ ተጋደልቲ ሓበረ። ንሳቶም ከኣ፣ ዓብደላ ዴጎል ኣቦ መንበሮም፣ ኢብራሂም ኢድሪስ ቶቲል ተሓዝ መዝገብ ብቋንቋ ዓረብ፣ መምህር ዑቕባንኪኤል መስመር ተሓዝ መዝገብ ብቋንቋ ትግርኛን ነበሩ። ኣባል ጠቕላሊት መሪሕነትን ናይ ጉባእ ናይ ጸጥታ ሓላፍን ዝነበረ ተጋዳላይ ሳልሕ ጅምጃም ብመጉልሕ ድምጺ ገይሩ፣ «ሎሚ መዓልቲ ኣኼባ የለን» ብምባል ንጉባእኛታት ሓበረ። እቶም ነቲ ጉባእ ንምጥቃዕ ተመዚዞም ዝነበሩ ዕሱባት ተጋደልቲ ዑበላውያን፣ ካብ

ሒዞምዎ ዝነበሩ መዛግብ ተተሲኦም ክወርዱ ተራእዩ። እቶም «ንኸውን ኢና» ኢሎም ዝንቀሳቐሱ ዝነበሩ ደቂ ቤንዓምር ከም ብዓል ሻሩኽ፣ ሓረራይ ...ወዘተ ዝኣመሰሉ ከምዝተሸሸሑ ስለዝፈለጡ ሃሃዲሞም ሽርብ በሉ። ስለ'ዚ፣ እቲ ተወጢኑ ዝነበረ ወተሃደራዊ መጥቃዕቲ ብሳላ ተጋዳላይ ዑስማን ኣቡሸነብ መኺኑ ተረፈ።

ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ከኣ፣ ኣብ ከባቢ ጊንዳዕ ትንቀሳቐስ ዝነበረት 6 ዝኣባላታ ናይ ተ.ሓ.ኤ ናይ ፈዳይን መስርዕ፣ ብኢሳያስን ብጾቱን ኣብ ዓዲ ሽማ ተቐንጺለት። እዚ ሓበሬታ ከኣ፣ ንጉባኣኛታት ተገልጸሎም። ገለ ካብ'ቶም እተቀንጸሉ ኣባላታ ኣሕመድ ጋሻ፣ ዑመረዲን ማሕሙድ፣ ዑስማን ኢብራሂም እተባህሉ ንምዝካር ይከኣል። እዞም ገበነኛታት እዚኣቶም ምልስ ኢሎም «ተ.ሓ.ኤ እያ ንመጀመርያ ግዜ ውግእ ሕድሕድ ዝጀመረት፤ ተ.ሓ.እ. ቀንጺሊት'ያ» እናበሉ ክግዕሩን ክዋጥዩን ክለውስ፣ ነቲ ሓቀኛ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ዝፈልጥ ሰብ ኣይገርሞን ኣየስደምሞን'ዶ!!! ባዕሎም ጠሓንቲ ባዕሎም ከኣ ለንቲቲ።

ጉባኤ ዓዋቲ፣ ብመሰረት ውሳኔ ጉባኤ ኣዶብሓ ዝመጸ'ኳ እንተኾነ፣ ብዘርኣዮ ናይ ትዕግስትን ምጽማምን መንፈስን፣ ብዝወሰዶ ሓላፍነታዊ መርገጽን፣ ብዝሓንጸጾ ተግባራዊ ውሳኔታትን ክምዘን ከሎ፣ ካብ ጉባኤ ኣዶብሓ ኣትሒትካ ዝግመት ክምዘይከኑ ክገልጽ እፈቲ። 300 ተሳተፍቲ ዝነበርዎ፣ ካብ ዕለት 26/2/1971 ዓ.ም ክሳዕ 13/3/1971 ዓ.ም እተኻየደ ወተሃደራዊ ጉባኤ ዓዋተ፣ ዝኣከል ምይይጥ ድሕሪ ምክያድ ነዚ ዝስዕብ ቀንዲ ትሕዝቶታት ዘለዎ ውሳኔታት ኣሕለፈ።

1. ድሕሪ ኣርባዕተ ኣዋርሕ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ምጽዋዕ፤

2. ኣሰናዳኢት ሽማግለ ወተሃደራዊ ጉባኤ ኣዶብሓ ብዝወሰኖ መሰረት 5 ኣባላት ብምውሳኽ 30 ክኾኑ ወሰነ፤

3. ምዕዋት ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ፡ ኣብ ምዕዋት ስርሓት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ስለ ዝምርኮስ፣ ንምድላው ጉባኤ ብዝምልከት ኣሰናዳኢት ሽማግለ ናይ ገንዘብ ምምሕዳር ብዝምልከት ምሉእ ስልጣን ተዋህባ። ብተወሳኺ፡ ንናይ ሰሙራ ጉዳያት መጽናዕቲ ብምግባር ሰነዳት ንጉባኤ ምቕራብ፣ ንጉባኤ ዝካፈሉ ካብ ኩሉ ኣካላት ውድብ ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ምምራጽ፣ ቍጽሪ ኣባላት ጉባኤ ምውሳን ንኣሰናዳኢት ሽማግለ ሓላፍነት እስከማ።

4. ክሳብ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ዝግበር ጠቕላሊት መሪሕነት ኣብ ስልጣና ክትጸንሕ ወሰነ።

5. ምስ'ቶም ተፈንጪሎም ዘለዉ ሓይልታት ተራኺባ መፍትሒ እተናዲ ሓንቲ ናይ ርኽክብ ሽማግለ መስረተ።

ስልስቲኦም ተፈናጨልቲ ጉጅለታት ብዝፍጽምዎ ዝነበሩ ንተ.ሓ.ኤ. ናይ ምጽባእ ተግባራት ኣብ ዝለዓለ ጣቓ በጺሖ እንክሎ'ዩ፣ ተ.ሓ.ኤ. ሓላፍነታዊ መርገጽ ብምውሳድ፡ ካብ ዝኾነ ይኹን ናይ ተጻይ መልሲ ተቖጢባ፡ ናይ ሰላም ኢድ ብምዝርጋሕ፡ ብ9 ኣባላት ዝቖመት ናይ ርኽክብ ሽማግለ ብምልኣኺ፡ ናብ ወገን ቀይሕ ባሕሪ እናተንቀሳቐሰት ንክትራኸቦም ብዙሕ ሳምንታት ዝወሰደ ጻዕርታት ዘካየደት። ብወገን ጸረ–ገድሊ ብዝምልከት ግን፡ ነዚ ቅዱስ ዕላማ'ዚ ብምንጻግ ንዝግበር ዝነበረ ቆጸራታት ምጥላም ዕማምና ኢሎም ሓዝዎ። እቶም «ኣብ መንጎ ክልተ መላጸ ተቐርቂርና ...ወዘተ» እናበሉ ክርስትያናዊ ሽፋን ተገልቢቦም ንፈዳኢን ጅብሃ ዝቕንጽሉ ዝነበሩ «ስልፊ ናጽነት» ንናይ ርክብ.ሽማግለና ቆጸራታት እናወንዘፉ፣ መልሲ ናይ ዘይምሃብ ወይ ስቕ ናይ ምባል መርገጽ ሓዙ። ዑበላውያን ድማ፡ ብሓደ ሸነኽ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽይግበር ዝከኣሎም መሰናኽላት ክገብሩ ክለዉ፤ ብኻልእ ሸነኽ ድማ «እዚ ክግበር ዝሕሰብ ዘሎ ጉባኤ ወገናዊ'ዩ» ብምባል ብዕሊ ብኣዋጅ ኰነንዎ። ናይ ርክብ ሽማግለና፡ ፍረ ዘይብሉ ኮለል ምስ በዝሓ፡ ናብ ቦታኣ ተመሊሳ፡ ጸብጻባታ ናብ ጠቕላሊት መሪሕነት ኣቕረበት። ምስ'ዚ ኩሉ ግን፡ ኣሰናዳኢት ሽማግለ ሃገራዊ

ጉባኤ ንዥሎም ኣብ ጉባአ ክሳተፉ ዕድመ ከም ዝገበረትሎም ዝዝከር እዩ። እምበኣርከስ፡ ቅድሚ ምክያድ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባአ ብወገን ሰልስቲኦም ተፈንጨልቲ ክንፍታት እቲ ውግእ ኣንጻር ተ.ሓ.ኤ ተኣዊጁ ምንባሩ ንብዙሓት ርዱእ'ዩ ነይሩ።

ጉዳይ ተፈንጨልቲ፡ ሓደ መፍትሕን መብርህን ዘድልዮ ዓቢ ሽግር'ዃ እንተነበረ፣ ፍትሓት ዝደሊ ካልእ ናይ ሰውራ ጸገማት ኣይነበረን ማለት ኣይኰነን። ስለ'ዚ፡ ተ.ሓ.ኤ ነዚ ጸገማት'ዚ ንምፍታሕ ኣትኲሮኣ ናብ ምግባርን ምዕዋትን ጉባአ ኣቕንዐት። ካብ'ቶም ንጉባአ ዝጽበዩ ዝነበሩ መፍትሒ ዘድልዮም ዓበይቲ ጉዳያት ድማ እዞም ዝስዕቡ ኣብነታት ክጥቀሱ ይከኣል።

1. ዓለማውን ዞናውን ቦታውን ጸላእትናን ፈተውትናን ምንጻር፤

2. ምስ ህዝቢ ዝነበረ ዝምድና ንምድልዳል ንቕሓቱ ክብ ንምባልን ንውድብን ህዝብን ዘራኽቡ ህዝባዊ ስርርዓት ምቛምን፣ መሰላትን ግቡኣትን ህዝቢ ምንጻርን፤

3. ጉዳይ ምስ ጸላኢ ተኣሳሲሮም ዝሰርሑ ዝነበሩ ኤርትራውያን ምስ ሰውራኦም ዝተሓባበርሉ መፍትሒ ምርካብ። እዚ ንሓይልታት ፖሊስን ኮማንዶስን ነቝለባሽን ...ወዘተ ዝምልከት'ዩ፤

4. ሰውራ ዝምርሓሉ ናይ ጽባሕ ኤርትራ ክትሃንጽ እትደሊ ሕብረተ-ሰብን ስርዓትን ዝሕብር ስነ-ሓሳብ ምንጻርን፤

...ወዘተ ዝኣመሰሉ ነበሩ። ብሓጺሩ ሰውራ ኤርትራ ዝምርሓሉ ሃገራዊ ዲሞክራስያዊ መደብ ዕዮ ንምሕንጻጽ ይድለ ነይሩ።

ካብ ሰራዊትን ህዝብን ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ዝተመርጹ ካብ 820 ዘይውሕዱ ኣባላት ዝተሳተፍዎ ቀዳማይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባአ ካብ ዕለት 14/10/1971 ክሳዕ ዕለት 12/11/1971 ኣብ ኣር እተባህለ ቦታ ተኻይዱ ብዓወት

ድማ ተዛዚሙ። ኣብ'ዚ ፡ እቲ ዝለዓለ ስልጣን ኣብ ተ.ሓ.ኤ. ጠቕላል ሃገራዊ ጉባአ ምዃኑ ተነጸረ፤ 32 (13 ገድላዊ ባይቶ 19 ፈጻሚት ሽማግለ) ዝኣባላታ ንውድብ እትመርሕ ሓዳስ መሪሕነት ብዲሞክራስያዊ ኣገባብ ካብ ህዝብን ሰራዊትን ተመርጸት። በዚ ሓደ ምዕራፍ ተዓጽዩ፣ ሓድሽ ምዕራፍ ከኣ ተኸስተ። እቲ ናይ ነቕ ነቕ መድረኽ ኣብ ሰውራ ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኣብ ጀብሃ ድማ ብፍላይ ተሰጊሩስ፣ ንቃልስና ሱር ዘትከለ ትሕዝቶን መልክዕን ብምሓዝ ንቕድሚት ክንግስግስ ጀመርና። ተፈናጪሉቲ ሓይልታት ድማ፡ ዲሞክራስያዊ መስመር እግሪ ክምዝተኸለን፣ ጽልዋታቱ'ውን ክለኸዮም ምዃኑ ስለ ዝተረድኦ፣ ንዘተን ስምረትን ዝብል ጉዳይ ክምዘይምልከቶም ወሲዶም፡ ንጀብሃ ንምምካት ሓይልታቶም ንኸጠራንፉ ጥራሕ ተጓየዩ።

እዚ ኩይኑ እቲ፡ ቀዳማይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባአ ነቲ ብዑበላውያን ዝምራሕ ሸነኽ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት፡ ዋላ'ኳ በቲ ሓደገኛ ተግባራቶም ዕጉብ ይንበር፣ ብሰላም ናብ ውድቦም ንኽምለሱ ናይ ርኽክብ ሽማግለ ክለኣኽሎም፣ እንተነጺጎም ድማ ስጉምቲ ክውሰደሎም ወሰነ።

ነቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝምራሕ ህዝባዊ ሓይልታት ናይ ሶድሖ ዔላ ብዝምልከት ድማ፡ ተ.ሓ.ኤ. ብዘለዋ ዓቕምን ኣኸእሎን ናይ ርክብን ዘተን ማዕጾ ክተርሕወሎም፣ እንተነጺጎም ድማ መሪሕነት ጉዳዮም ኣጽኒዓ ኣድላዪ ስጉምቲ ክትወስድ ጉባአ ሓላፍነት ኣሰከማ።

ንኢሳያስን ብጾቱን ወይ ንሰልፊ ናጽነት ብዝምልከት፡ ጉባአ ድሕሪ ነዊሕን ሓላፍነታውን ምይይጥ፣ ብሓደ ሸነኽ «ነቲ ወዲ ከበሳ ኣብ ጀብሃ መሰል የብሉን» ዝብል ዝዝርግሕዎ ዝነበሩ መናፍሕ፣ ብኻልኣይ ሸነኽ ድማ፡ ብመንግስቲ ኢትዮጵያ ዝዝርጋሕ ዝነበረ ካብ ናይ ሰልፊ ናጽነት ዘይፍለ መናፍሕ ኣብ ግምት ብምእታው፤ ጉባአ፡ «ምስ ሰልፊ ናጽነት ኣድላዪ ርኽክባት ክግበር» ብምባል ደምደመ።

እዚ ውሳኔ'ዚ፡ ክሳዕ ክንደይ ሓላፍነታውን መድረኻውን ከምዝነበረን፣ ተ.ሓ.ኤ. ክሳዕ ክንደይ ንሕብረተ-ሰብ ኤርትራን ሾነታቱን ኣድቲቓ ትከታተልን፣ ንምፍትሒ ድማ ትግደስን ምዃና እዩ ዘብርሃልና። ግን ከኣ፡ ምስ ዝንጽግ'ከ ዝብል ሕቶ ክይመለስ ምሕላፉ፡ ጉባአ ዓዚ ጉድለት ከምዝነበሮ ብሩህ እዩ።

# 1972 ዓ.ም
# ናይ ስጉምቲ ምውሳድ መድረኽ

ድሕሪ ቀዳማይ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባአ ናይ ተ.ሓ.ኤ. ብዓወት ምዝዛሙ፣ ኩሉ ዓቕምታት ወድብ ንመደብ ዕዮን ውሳኔታትን ጉባአ ኣብ ግብሪ ንምውዓል፣ ኣብ ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ተዋፈረ። ንኩሎም ክንፍታት ናይ ሻዕብያ ድማ፡ ንሽዱሽተ ወይ ሸውዓተ ኣዋርሕ ዝቶጸለ ናይ ደብዳበታትን ሽማግለታትን ናይ ርኽክባት ፈተነታት ተኻየደሎም። እንተኾነ ግን፡ ከም ልማዶም ንኹሉ ዝተገብረሎም ጻዕርታት ጸማም እዚኒ ሃብዎ። ኣብ መወዳእታ ድማ «ዓማ ስጉምቲ ክይወስደት ክንቅድማ ኣሎና» ካብ ዝብል መንፈስን መርገጽን ተበጊሶም ብዙሕ ምሽብሻባት እኳ የርእዩ እምበር፡ ስጉምቲ ኣብ ምውሳድ ጀብሃ'ያ ቀዲማቶም። እዚ ስጉምቲ'ዚ ግን፡ ኣብ ልዕሊ ህዝባዊ ሓይልታት ሰድሖ ዔላን ዑበላውያንን ደኣ'ምበር ኣብ ልዕሊ ሰልፊ ናጽነት ኣይተወስደን።

ጀብሃ ብለይቲ፡ ነቲ ኣብ ከባቢ ተኸረረት ኣብ ሸግለት ዝነበረ ሓይሊ ናይ ዑበል ምስ ኣርባዕተ መራሕቱ ከበቦ። ኣደም ሳልሕ ንሓይልታቱ ተኹሲ ክኸፍታ ትእዛዝ ኣሕለፈ፤ ግን «ተኹሲ ኣይንኸፍትን ኢና» ዝብል ተቓውሞ ኣጋጠሞ። ቀጺሉ ኣሕመድ ኣደም «ተኹሲ ኣይትኸፈቱ» ዝብል ትእዛዝ ስለ ዘምሓላለፈ ከኣ ተኹሲ ኣይተኸፍተን። ኵሎም ከኣ ናብ ተ.ሓ.ኤ. ኢዶም ሃቡ። ይኹን'ምበር፡ ካልኣት ኣብ'ቲ ቦታ ዘይነበራ ጋንታታት

ናይ ዑበል ስለዝነበራ ኣብ ከባቢ መንሱራን ሕርኮኽን ኣነ ብኣካል እተሳተፍኩሉ ህጁም ተኻየደ። ሓላፊኦም ኣቡ ሰላብ እተባህለ'ዩ ነይሩ። ጀብሃ ኣኽቢባ ኢዶም ክህቡ ምስ ሓተተቶም ተቐቢሊ ስለዝኸፈቱ፣ ጀብሃ ካብ'ቶም ኣለዉ ዝብሃሉ ተዋጋእቶም ገለ ምስ ኣውደቐትሎም ዝተረፉ ሃዲሞም ኣምለጡ። እቲ ሳልሳይ መጥቃዕቲ'ውን ኣብ ባርካ ላዕላይ ኣብ ልዕሊ'ተን ብብዓል ኢብራሂም ጉላይ፡ ዱብሺክ ኢብራሂም ኩኹብ (ደቂ ዓዲ ኩኹብ) ዝምርሓ ዝነበራ ጋንታታት'ዩ ተኻይዱ፤ ግን ከየትከሉ ናብ ጕቦታት ሃደሙ። ጥሜትን ጽምእን ስለዝነበሮም ድማ፡ ድሕሪ ናይ ክልተ ሰሙን ዝኸውን ስቓያት፡ «ብረት ንምስርካብ ንመጽእ ኣሎና» ዝብል ደብዳቤ ድሕሪ ምልኣኽ፣ መጺኦም ብረቶም ኣስረከቡና። ጀብሃ፡ ኣብ ልዕሊኦም ዝኾነ ይኹን ክሲ ከየልዓለት፡ «ናጻ ኢኹም ቃልስኹም ድማ ኣብ ጀብሃ ክትቕጽሉ ትኽእሉ ኢኹም» በለቶም። ድኻም ኣሎና ንግዚኡ ዕረፍቲ ሃቡና ስለዝበሉ ድማ ተፈቒደሎም። ድሕሪ ቍሩብ መዓልታት፡ ኣብ በዓትታት ሓቢኦምዎ ዝጸንሑ ብረት ኣውጺኦም፡ ኣብ ኣቍርደት ኢዶም ንጸላኢ ሃቡ። ንሰራዊት ኢትዮጵያ መሪሖም ብምምጻእ ከኣ ኣንጻር ጀብሃ ብዙሕ መጥቃዕትታት ኣካየዱ። ብወገን ማርያ ጸላም ዝነበራ ብብዓል ኣልሓሰን ኣቡበክር ዝምርሓ ጋንታታት ግን፡ ናይ ሕድሕድ ውግእ ረብሓ ከምዘይብሉ ብምርዳእ፣ ብዘይ ደም ምፍሳስ ኢዶም ንጀብሃ ሃቡ።

ምስ'ቲ ብዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝምራሕ ሽነኽ ናይ ህዝባዊ ሓይልታት ድማ፣ ዝተፈላለየ ሽማግለታትን ናይ ሓይልታት ወከልትን ብምልኣኽ ጸዑቕ ናይ ዘተ ርኽክባት ተገብረ። እንተኾነ ግን፡ ንሳቶም፡ ነዚ ሸለል ብምባል ናብ ዙናት ዝደፋፍእ ናይ ጸይቂ ተግባራት ኣብ ምክያድ ጥራሕ ኣድሃቡ።

ነቲ ብኢሳያስ ኣፍወርቂ ዝምራሕ ሽነኽ ከኣ፡ ብኣባላት መሪሕነት ኢብራሂም መሓመድ ዓሊን ስዒእ ፍጹም ገብረስላሴን እትምራሕ 9 ዝኣባላታ ናይ ዘተ ሽማግለ ተላኢኽሎም። ኣባላት እዛ ሽማግለ፡ ኣብ ርእሲ'ዚ ም

ኣተጠቓሲ ኣባላት መሪሕነት ተጋ. ተስፋይ ተኸለዝጊ፣ ስዉእ ተጋ. መስፍን ባህልቢ፣ ተጋ. ገብሩ ሓጕስ፣ ስዉእ ተጋ. መልኣከ ተኸለ፣ ተጋ. ዑስማን ዓብደልቓድር፣ ተጋ. ገብሩን ተጋ. ኣማኑኤልን ነበሩ። ሽማግለ ዘተ ሃገራዊ ጉባኤ ብዛዕባኦም ብዘሕለፎ ውሳኔ መሰረት ምስኦም ንኸትዛተ ከምዝመጸት ዝሕብር ደብዳቤ ሃበቶም። መልሶም ንምጽባይ ሽማግለ ዘተ ኣብ ፍልፍልን ምራራን ንንውሕ ዝበለ ግዜ ተጸበየቶም። ብድሕሪ'ዚ፣ ካልኣይ ቆጸራ ንምግባር ደብዳቤ ልኣኸትሎም። ንብዙሕ ሳምንታት መልሲ ከይሃቡ ድሕሪ ምጽናሕ፣ ኣብ መወዳእታ «መዓልቲ ቆጸራ ባዕልና ወሲና ክንሕብረኩም ኢና» ዝብል መልሲ ሃብዋ። ሽማግለ ዘተ፣ ንገለ ሳምንታት ኣብ ከባቢ ገለብ (መንሳዕ) ድሕሪ ምጽባይ ኵሉ ምስ ሰልፊ ናጽነት ንምዝታይ ዝገበረቶ ጻዕርታት ከምዝፈሸለ ስለ ዝተረድኣት፣ ናብ ባርካ ወሪዳ ጸብጻባ ናብ መሪሕነት ውድብ ኣቕረበት። ካብ'ዚ እንዋጽኦ ደምዳሚ ሚዛን ከኣ፣ ሽማግለ ዘተ ሰልፊ ናጽነት ንዘተ ድልው ከምዘይነበረ ምሉእ ዕግበት ነይርዋ እዩ፤ ግን ብሕጋዊ ዓይኒ ክርኣ ከሎ፣ ሽማግለ ዘተ ንውሳኔ ናይ ሃገራዊ ጉባኤ ንምኽባርን ንምፍጻምን እያ ንነዊሕ ግዜ መልሲ ካብ ሰልፊ ናጽነት ክትረክብ ዝተጸበየት ክበሃል ይኽእል ።

ውግእ ኣንጻር ህዝባዊ ሓይልታት ናይ ሳበ ብሰምሃር ጀሚሩ ናብ ሳሕል ናብ ወገን ሸዕብ፣ ሓየት፣ ቶምበቤት፣ ገረግር ገጹ ኣምርሐ። እቲ ቀዳማይ ሃገራዊ ጉባኤ ንኽይህረም ዝወሰኖም፣ ናይ ቆጸራ ዕለት ባዕልና ክንሕብረኩም ኢና ዝብል ዝነበረን ብኢሳያስ ዝምራሕ ጕጅለ ሰልፊ ናጽነት ግን፣ ብናይ ገዛእ ርእሱ ድሌትን ምርጫን፣ ካብ ከባቢ ርእሲ ዓድን ምራራን ዓዲ ሹማን ወሪዱ፣ ኣብ ጕድኒ ህዝባዊ ሓይልታት ደው ብምባል፣ ኣንጻር ተ.ሓ.ኤ. ክዋጋእ ተረኺቡ።

በዚ ኣገባብ'ዚ፣ ናይ ሕድሕድ ኵናትን ደም ምፍሳስን ኣብ ኵሉ ኵርናዓት ኤርትራ ተባርዐ። ንክልተ ዓመታት ዝኸውን ድማ ብዘይ ምቁራጽ ቀጸለ። እዚ'ዩ እምበኣር እቲ ናብ ምፍንጫላትን ናይ ሕድሕድ ውግእን

ዘእተወ ሓቀኛ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ። ናይ'ቶም ኣብ ኩሉ ኩርንዓት ኤርትራ እተሰውኡ ሓርበኛታት ተጋደልቲ ሓላፍነት ዝስከሙ ከኣ ብቐጻምነት መራሕቲ ጸረ ገድሊ እዮም።

## መደምደምታ

ናይ'ዚ ኩሉ ምፍንጫልን ናይ ሕድሕድ ውግእን ሓላፍነት ዝስከሙ ኢሳያስ ኣፍወርቅን፡ ስለሙን ወልደማርያምን፡ ዑስማን ሳልሕ ሳበን፡ መሓመድ ዓሊ ዑማሮን፡ ኣደም ሳልሕን፡ መሓመድ ኣሕመድ ኢድሪስን፡ ዑስማን ዓጅብን፡ ኣሕመድ ዑመርን ኰራኽሮምን እዮም። ብሓጺሩ፡ ንሰውራ ኤርትራ ኣብ ሕማቕ ናይ ሃይማኖታውን ዓሌታውን ወገናውን ፍልልያትን፣ ኣብ ናይ ደም ምፍሳስ ዓዘቕትን ዝደቕደቕዎ ባእታታት ስለዝኾኑ፣ ኣብ ታሪኽ ህዝብና ኣሉታዊ ስምብራት ዝገደፈ ዘይርሳዕ ታሪኽ ዘለዎም እዮም። ብስንኪ ንሶም ዝወልዕዎ ናይ ሕድሕድ ኲናትን ናይ ደም ምፍሳስን ከኣ'ዩ ሰውራና ንሰላሳ ዓመታት ክጐተት ዝተገደደ።

ብዙሓት ተጋደልትን ሰዓብትን ናይ ህዝባዊ ግንባር፣ እረ ገለስ ናይ ታሪኽ ተመራመርቲ ኢና በሃልቲ ክይተረፉ፣ ንታሪኽ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ፊን ክምዘበሎም ገይሮም ክምዝምዝዎን ክመናዊቶምን ክጒዛዝይዎን እርእን እዕዘብን ስለዘለኹ፣ «ዝወዓለ ይንገርካ» ከምዝብሃል፡ እነ ነቲን ሓቀኛ ታሪኽ ክሰምዓ ዝደልያ ኣእዛን ዝፈልጦ ክገልጽ፣ ሃገራውን ህዝባውን ሓላፍነተይ ከምዝኾነ ስለዝርዳእ'የ ነዚ ሓቀኛ ታሪኽ ከቕርብ መሪጸ። እዞም ዝተጠቕሱ ወገናትን መራሕቶምን ንተ.ሓ.ኤ ኣብ ሰማንያታት ኣጥፊእናያ ኢና፤ ስለ'ዚ መን ክይሓተና ካብ ዝብል ኣጒል መንፈስን ኣተሓሳስባን ነቒሎም እዮም፡ ብዙሕን ውሑድን ዝዛረቡን ዝጽሕፉን ዘለዉ። ሎሚ ግን ተ.ሓ.ኤ. ብሓድሽ መንፈስን ብሓድሽ ኣከያይዳን ኣብ

ውሽጢ ይኹን ኣብ ወጻኢ ዝርከብ ሰዓቢኣ ጠርኒፉ፣ ንመስዋእታን ታሪኻን ተመኩሮታታን ከተዕቍብ በቒዓ እያ። ስለ'ዚ፡ «ማይ ከይመጸ መገዲ ውሕጅ ጽረግ» ከምዝብሃል ንስኒትን ዕርቅን ሓድነትን ደኣ ክሓስቡን ክሰርሑን ኣለዎም እምበር፣ ንታሪኽ ብምጥምዛዝ'ስ ክድሕኑ ኣይክእሉን እዮም።

ኵሎም ተፈናጨልቲ ሓይልታት ብፍላይ ከኣ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ካብ ተ.ሓ.ኤ ብ1970 ዓ.ም ዘፈንጨሎም ምኽንያት ...ጀብሃ ናይ ደቂ ከበሳ መሰላት ኣይትሕሉን'ያ፣ ጀብሃ ሓራዲት ቀታሊት'ያ፣ ጀብሃ ወገናዊትን ሃይማኖታዊትን እያ ...ወዘተ ዝብል ነበረ። በዚ ኣብሃህላ'ዚ ድማ ክንደይ ስንኩፍ ልቢ ተታሊሉ ዘይሰዓቦም። እቲ ሓቂ ግን፡ ናይ መፈንጨሊኦም ምኽንያት ናይ ደቂ ከበሳ መሰል ንምሕላው ከምዘይኰነን፣ ብዘይካ ስልጣኖም ካልእ ከምዘየገድሶምን ሎሚ ህዝቢ ይኹን ሰራዊቶም ኣጸቢቑ ፈሊጥዎምን ኣለልይዎምን እዩ። ንሕና'ኳ፡ ብቐረባ ስለ እንፈልጦም ብቑል ካብ ዝብሉ ኣትሒዞም ሕማቕም ስልጣን ምዃኑ ኣዕሪና ኢና ንፈልጥ ኔርና።

ኵሉ ገዲፍና እስኪ መሰል ደቂ ከበሳ ኣብ ጀብሃ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ከመይ ከምዝነበረ ንመልከት። ኣብ ሓላፍነታዊ ቦታታት ዝነበሩ ደቂ ከበሳ ቍጽሮም ውሑድ ኣይነበረን። ንምጥቃስ ዝኣክል ኣብርሃ ተወልደ፡ ሰለሙን ወልደማርያም፡ ኢሳያስ ኣፍወርቂ፡ ኣስመሮም ገረዝጊሄር፡ ባሻይ ገርዝጊሄር፡ ገብረሂወት ሕምብርቲ፡ ኪዳን ጅኑቢ፡ ኪዳን ጕበዘ ...ወዘተ ምንባሮም እኳ ናይ ዓይኒ ምስክር እየ። እንተ ብኻልእ ወገናትን ክፍልታትን ዝነበሩ'ሞ ማእለያ ኣይነበሮምን። ኣብ'ዚ ሒዝናዮ ዘሎና ኣርእስቲ ብምቕጻል ብስሳታት ተ.ሓ.ኤ ንርእሶም ማዕቢሎም ንሰውራኦም ከማዕብሉ ካብ ዝብል ኣትሓሳስባ ንኢሳያስ ኣፍወርቂ ይሳቕ ጀብሃ ...ወዘተ ንትምህርቲ ንቻይና ከምዝሰደደቶም ተረሲዑ ድዩ? ወይስ ደቂ ከበሳ ምዃኖም ስለዘይፈልጡ ዝነበሩ'ዮም ንቻይና ተጋግዮም ሰዲዶሞም? ስለ'ዚ ናይ ኢሳያስ ኣፍወርቂ ክስታት ከም ሰራሕ ጕሓላሉ ተምሊስካ ንዝበላዕካሉ ጻሕሊ ምስባር'ዩ ዝቕጽር።

«ቀተልቲ ሓረድቲ» ዝብል ክስታቶም እንተደኣኾይኑ ከኣ፣ ንቶም ንምፍንጫል ዝነጸጉ ዝነበሩ ሓርበኛታት ደቂ ከበሳ ከም'ኒ ስዉእ ኣረፋይን ምስ ሾመንተ ብጾቱ፣ ስዉእ ኣብርሃ ተወልደ፣ ንስልጣኖም ክብሉ ኣብ ጸገም ዘእተውዎም ኣባላት ስርያ ኣዲስ ምቕንጻሎም ኣበናይ በዓቲ'ዮም ክሓብእዎ ደልዮም? ድሕሪ ካብ ጀብሃ ምፍንጫሎም'ከ፣ ብግስ ከይበሉ ንቶም መሰላቶም ክሕለወሎም ብሰላማዊ ኣገባብ ዝሓተቱ ኣባላቶም «መንካዕ'ዶ ጨጋዕ» ብዝብል ክስታት በማእት ዝቑጸሩ ሓርበኛታት ኣይቀንጸሉን ድዮም? ወይስ እዞም ዝተቐንጸሉ ክርስትያን ኣይኮኑን ማለት ድዩ?

ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ዝተቐንጸሉ ኣባላት ውጉኣት ሓርነትን፣ ነብሶም ባዕሎም ኣጥፊኦም ብዝብል ሽፋን ዝጠፍኡ ዘለዉ ተጋደልትን፣ ኣብ ማእሰርቲ ብዘይ ፍትሒ ኩፍ ኢሎም ዝርከቡ ተጋደልትን ተራ ዜጋታትን ...ወዘተ እሞ ባዕልኹም ትርእይዎ ስለዘለኹም ካባይ መግለጺ ዘድልዮ ኣይኮነን።

ብተፈንጨልቲ ውድባት ናብ ተ.ሓ.ኤ. ዝስንዘር ዝነበረ ወገናውን ዓሌታውን ዝብል ክስታት ድማ ተ.ሓ.ኤ. ኣይኮነትን ንናብ ዘዝተወለድኩምሉ ስንቑሮን ዓድን ከድኩም ንድሑር ስምዒታት ክትጽሕትሩን ክትምዝምዙን ውዓሉ ኢላ መምርሒ ትህብ ዝነበረት። ደቂ ስምሃር ናብ ጐቦ ገደም፣ ደቂ ከበሳ ናብ ምራራን ዓላን፣ ደቂ ቢንዓምር ናብ ዑበል ዘዘሊሎም ዝኸዱን፣ ንህዝቢ በብሕማሙ ከልዓዕሉ ዝፈተኑን ንሳቶም'ዶ ከይኮኑ? እዞም ናይ ተንኮልን ክፍኣትን መምህራን ወይ ወንገላውያን እዚኣቶም ዝገደፍዎ ኣሉታዊ ስምዒታትን ረሳሕ ታሪኽን ፈጺሙ ክርሳዕ ኣይከኣልን እዩ።

እምበኣርከስ፣ እቲ ቀንዲ ንኽፍንጨሉ ዝደረኾ ምኽንያት ባዕሎም ዝዘውርዎ ውድብ ንምምስራት፣ ኣብ ኮረሻ ናይስልጣን ኩድዒ ኢሎም ንምንባር ደኣ'ምበር መሰል ንምሕላው፣ ንዝተወጽዐ ንምሕላቕ፣ ንሓድነት ናይ ህዝብን

ሰራዊትን ንምርግጋጽ ከምዘይነበረን ሕጂ'ውን ከምዘይኩነን እስላማይ ይኹን ክርስትያን ህዝብና በጺሒዎ እዩ። ነዚ እከይ ስርዓት'ዚ ንምልጋስን፣ ብሓሶት ንዝተለቕለቐ ቋንቋ ንምሽሻሕን ህዝብን ሰራዊትን ኢድ ንኢድ ተታሓሒዞ ብጽንዓትን ብንቕሓትን ብትርን ከቃለስ ዕድመይ እናኣቕረብኩ ሓሳባተይ ኣብ'ዚ እድምድም።